
ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.187 ሓሙስ 6 ሚያዝያ 2023 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ኣገዳስነት ክትትል ኣግራብ ድሕሪ ምግራብ


ገጽ 3
ገስጋስ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣስማጥ


ገጽ 4
ምህሮን ዋንጫን

ገጽ 5
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?


ገጽ 7
ስፖርታዊ ውድድራት 'እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ!' ጀሚሩ


# ላዕለዋይ ወተሃደራዊ ልኡኽ ኤርትራ፡ ብሚኒስትሪ ምክልኻል ኢትዮጵያ እንግዶት ተገይሩሉ



ሚኒስትሪ ምክልኻል ኢትዮጵያ ብዘበረሉ ዕድመ መሰረት ኣብ ኢትዮጵያ ዑደት ዝፍጽም ዘሎ ላዕለዋይ ወተሃደራዊ ልኡኽ ኤርትራ፡ ብ4 ሚያዝያ ምሸት ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ምክልኻል ኢትዮጵያ ናይ ድራር እንግዶት ተገይሩሉ፡፡

ኣቦ'ቲ ሚኒስተር ምክልኻል ፈደራዊት ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ዶ/ር ኣብርሃም በላይ ዝዘረኸቦሉ ኣጋጣሚ፡ ኤታ ማጆር ሹም ፊልድ ማርሻል ብርሃኑ ጁላ ንሰራዊት ምክልኻል ኢትዮጵያ ወኪሉ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ "ብትቼና ምስ ተወቓዕና ህዝብን ሰራዊትን ኤርትራ ዝገበሩልና ውዕለት፡ ብዝኣምር ክኸፈል ዘይክእልን ታሪኽ ዘደርሰዮን ስለዝኾነ፡ ወትሩ ኣብ ልብና ኣሎ'ኹም፡፡" ድሕሪ ምባል፡ "ብሓባር ስለዝሰራሕና፡ ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ በጺሕና ኣሎና" ኢሉ፡፡

ፊልድ ማርሻል ብርሃኑ ጁላ ኣስዒቡ፡ ኣብ ክልተኡ ሰራዊት ተሃኒጹ ዘሎ ምትእስሳር ብዘኾነ ሓይሊ ዝበተኽ ከምዘይኮነ ብምንጻር፡ ኣብ መጻኢ'ውን ዝምድናኦምን ምሕዝነቶምን ንምድልዳል ብዝሓየለ ከምዝሰርሑ ጸኒዑ እምነቱ ገለጸ፡፡

ንልኡኽ ኤርትራ ወኪሉ መደረ ዘስመዐ ኣኪያዲ ስራሕ ቤት-ጽሕፈት ወኪል ሃገራዊ ድሕነት ብርጋደር ጀነራል ኣብርሃ ካሳ፡ "ኣብ ኢትዮጵያ ድሕሪ ዝተኸሰተ ለውጢ፡ ጃንዳ ማለሊት ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ብዝፈጸሞ ናይ ቃጻ መጥቃዕቲን ክሕደትን፡ ሰሜኣታትና ክዉግድን ሕጊ ክኸብርን ከይፈተና ዝኣተናዮ ውግእ፡ ተሓባበርና ስለዝተኸላኸልናን ጸረ-መጥቃዕቲ ስለዝፈደናን፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመት ብወያነ ዝተፈነወልና ሰለስተ ዙርያታት ወራር ኣብ ምፍሻል ዓቢይ ዓወታት ኣመዝጊብና ኢና" ክብል ኣብሪሁ፡፡

ብርጋደር ጀነራል ኣብርሃ ወሲኹ፡ ትካቢ'ተኛ ጃንዳ ማለሊት በቲ ባዕሉ ዘበኦ ወራር ፍጹም ምስ ተሳዕረ፡ ኣመራጸን መሻርኽቲን ካብ ኣፍ ሞት ኣድሒናም ህይወት ክዘርኡሉ ኣብ ፕሪቶርያ ስምምዕ ሰላም ምስ ተፈረመ፡ ቀዋማይ ምዕራፍ ብዓወት ዓጺና ናብ ካልእ ምዕራፍ ንምሽግጋር ብወገን ኤርትራ ዘሎ ድልውነት ኣረጋገጹ፡፡

ኣብ መወዳእታ ክኡ ታሪኻውያን ጸላእትና፡ ንጃኢምፐርያሊዝም ሬብሓታቶም ክብሉ፡ ንልዕሊ 80 ዓመታት ዘኸተልዎ ክሳራ ማዛና ከምዝይብሉ ብምጥቃስ፡ ኣማሉም ስለዘይገደፉ፡ ሕጂ'ውን ኣብ ዞባና ዝዘርዎ ዘለዉ ምትእትታው፡ ንኹሉ ግሉጽ ኩነት ከምዝኾነ ኣገንዘቡ፡፡

ኣብ መወዳእታ ድሙ፡ስምምዕ ፕሪቶሪያ ብኸሉ ሸነኻቱ ተግባራዊ እንተደኣ ኮይኑን ሕጊ እንተደኣ ተኸቢሩን ኣብ መንጎ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ውሕስነት ዘለዎ ሰላም ንኸሰፍን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዘለዎም ሃንቀውታ ዓቢ ምዃኑ ኣረጋገጹ፡፡

እቲ ስነ-ስርዓት፡ ብምልውዋጥ ህያባት ተዛዚሙ፡፡

ብኣኪያዲ ስራሕ ቤት-ጽሕፈት ወኪል ሃገራዊ ድሕነት ብርጋደር ጀነራል ኣብርሃ ካሳ ዝምራሕን ላዕለዋት ሓይልታት ምክልኻል ዘጠቓለለን ላዕለዋይ ወተሃደራዊ ልኡኽ ኤርትራ፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቀትሪ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ኣዲስኣበባ ኣብ ማስርሒ ህንጻት ዘሎ ህንጻ ሃገራዊ መደበር ቴለቪዥን ኢትዮጵያን ዑደት ኣካይዱ፡፡

## ጊንዳዕ - ንግዳያት ፊስቱላ ደገፍ ተገይሩ

ኣባላት ሃግደኤ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣብ ማእከል ሕክምና ፊስቱላ - መንደፈራ ተዓቒብን ክኽብን ንዝጸበረለን ዘሎ ግዳያት ፊስቱላ ብምብጻሕ፡ ናይ ኣልባሳትን ናውቲ ንጽህናን ደገፍ ገይረን፡፡

እተን በጺሐተን ምስ'ተን ግዳያት ፊስቱላ ኣብ ዝተራኸባሉ፡ እቲ ጸገም ኣብ ካልኦት ኣደታት ንኸይጋጥም ዝዘበርኦ ንቕሓትን ኣስተምህሮን ብዝሓየለ ክቕጽልኦ ምዃነን ኣረጋገጻ፡፡

ክኢላ መወልድነትን ሕክምና ፊስቱላን ዶ/ር ሃብተ ሃይለማርያም ብወገኑ፡ ቀንዲ ጠንቂ ፊስቱላ፡ መርዓ ትሕቲ ዕድመ፡ ክሸበ ከም'ኡ'ውን ጉድለት ክንክን ቅድሚን ድሕሪን ሕርሲ ከምዝጠቓልል ብምሕባር፡ ንምክልኻሉን ንምፍዋሱን ኣብ ዝተገብረ ጻዕሪ ንቕሓትን ኣፍልጦን ሕብረተሰብ ክዕዘዘ ኣዘኻኺሩ፡፡

መዲካል ዳይረክተር መወከሲ ሆስፒታል ዞባ ደቡብ ዶ/ር የናስ ክፍለማርያም ብወገኑ፡ ፊስቱላ ኣብ ግዳያት ኪኖ ጥዕናውን ስነ-ኣእምሮኣውን ጸገም፡ ከቢድ ጸቕጥን ተጸልዖን ከምዘስዕብ ጠቒሱ፡ እቲ ጸገም መሰረታዊ ፍታሕ ንኽረኽብ፡ ተራ ስድራቤታት ወሳኒ ምዃኑ ኣስሚሩሉ፡፡

## ሰላም ምስ ኤርትራ - መተካእታ ዘይብሉ ሕርያ

"ካብ ሕጂ ንድሓር፡ ማእዘኑ ዝሰሓተ ስበኸት፡ ህድማ ንቕድሚት ንህዝቢ ትግራይ ዘርብሕ ኣይኮነን፡፡ ህዝቢ ትግራይ ዝሓለፈ ጸገማት ብዓበይ ርእዩዎ፡ ተማሂሩሉ ኣሎ፡፡ ሕጂ'ውን ሃናጺ ኣበርክቶ ክገብር፡ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ዝምድናኡ ከደልድል፡ ምስ ህዝብታት ኢትዮጵያ ዘለዎ ሰፊሕ ረብሓ ተወሃሂዱ ክሰርሓሉ ዕድል ኣለዎ፡፡ ብዝኾነ መምህር ዘድልዮ ኣይኮነን፡፡ ናይ ቀደም ታሪኽ ከይጸብጸብካ፡ ዝሓለፈ ሰለስተ ዕንደራታት እኹል ትምህርቲ'ዩ፡፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ትግራይ ዘሎ ሕርያ ንጹር እዩ፤ መኻርን መዓድን ዘድልዮ ኣይኮነን፡፡"

***

እዚ ቓላት'ዚ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዝሓለፈ ቃለ-መጠይቕ ዝበሎ እዩ፡፡ ብርግጽ ድማ ህዝቢ ትግራይ፡ ብሰንኪ ግጉይ ሕርያ መራሕትን ንሸንደራ ዘደፋፈረ ምትብባዕ ኣመራጸን መሻርኽትን ገጢሙዎ ዘሎ መከራ ቀሊል ኣይኮነን፡፡ የግዳስ ካብ ዕጹው ልቦና፡ ጸቢብ ኣተሓሳስባ፡ እምነት ኣብ ሓይልታት ግዳም ብምግልጋል፡ ናብ ስትራተጂያዊ ረብሓ ህዝብታት ዘቓምት ንቕሓት ዝፈጥር ዓቢ ትምህርቲ እዩ፡፡

ንረብሓ ህዝቢ ትግራይ ዝቖምኩ'የ ዝብል ብሱል መሪሕ፡ ምጭኡት ምስ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን እዋን ክመርጽ ኣይክእልን፡፡ ምኽንያቱ ካብ ሰላማዊ ጉርብትና ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝያዳ ኹሉ ዝረብሕ ህዝቢ ትግራይ'ዩ፡፡ መራሕቲ ወያኑ ዝ. ሓቂ'ዚ ከየመዛዘኑ ኣብ 1998፡ ብዘድኢ. ግዳማውያን ሓይልታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጸሞ ወራር እምበኣር፡ እቲ ዝዓበየ ስትራተጂያዊ ጌጋ እዩ ነይሩ፡፡

ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ፡ ብዘይተቖጠበ ደገፍ ህዝቢ ኤርትራን መሪሕ ውድቡ ህዝባዊ ግንባርን ንዓወት ከምዝበቕዐ ህዝቢ ትግራይን መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያን ኣዳዕዲዖም ዝፈልጥዎ ነዊሕ ዘይገበረ ታሪኽ'ዩ፡፡ የግዳስ መራሕቲ ወያኑ ብኹብዶ ተሸይጦ፡ ካብ ተዋጋኢት ሳም ዘደድሕኑ ናይ ርሑቕ መወልቲ ኣሚኑ ነቲ ኣብ መንጎ ህዝብታት ኤርትራን ትግራይን ዝተፈጥረ ናይ ቃልሲ ምሕዝነት በቲ'ኹ፡ ብዶብ ኣመሳምሲሉ ወራር ብምህቃን ከቢድ ጥልመት ፈጺሙ፡፡ ጉዳይ ዶብ ብዩን ምስ ተዋህቦ ክኡ ነቲ ብሰንኪ ቀዳማይ ጌጋ ዝተባላሸወ ዝምድና ክፍውስ ኣብ ክንዲ ምጽዓር፡ ዳግማይ ብኣይተኣት ግዳማውያን ሓይልታት ዘርኣዮ ሕንጋደ፡ ካብ ካልኦት ህዝብታት ኢትዮጵያ ንላዕሊ ንህዝቢ ትግራይ ዘኽፈሎ ዋጋ ዝኸበደ'ዩ፡፡

ጃንዳ ወያነ ብቑጥዐ ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ስልጣን ምስ ተባረረ፡ ካብ ጌጋኡ ተማሂሩ፡ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ዘውሕስ መገዲ ክሓሪ ዕድል ነይሩዎ'ዩ፡፡ ኩናት ዘምርጽ ምኽንያት ከምዘይብሉ'ውን ተመኺሩ'ዩ፡፡ እንተኾነ፡ ብኣጉል ትምክሕትን ጃህራን "ውግእ ባህላዊ ጸወታና'ዩ" ብዝብል ዕሽነት፡ ኣድላይነት ዘይብሉ ኩናት ወለዐ፡ ንህዝቢ ትግራይ ንዘሽፍአ መቕዛፍቲን ዕንወትን ኣቃለዐ፡፡

ድሕሪ'ዚ መሪር ተሞኩሮ'ዚ እምበኣር፡ መዓዲን መኻርን ዘድሊ ኣይኮነን፡፡ ህዝቢ ትግራይ፡ ድፉን ኣእምሮ መራሕቱ ዘምጽኣሉ መከራን መግደራን ብዓበይ ስለዝርኣየ፡ ድሕሪ ደጊም ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ሕርያ ንጹር እዩ፡ ሰላም ምስ ህዝቢ ኤርትራ መተካእታ ዘይብሉ ሕርያ'ዩ! ካብ'ዚ ስትራተጂያዊ ጠመተ'ዚ ወጻኢ፡ ካልእ ኩሉ ኣብ ዕዝክሊል ዘንበር፡ ድንቁርናን፡ ህወተታን ክሳራን ጥራይ እዩ!

ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ

# ፍኖት

ዳህላክ ነጋሲ

## ኣገዳስነት ክትትል ኣግራብ ድሕሪ ምግራብ

### ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

ዓዲ-ማስፍንቶ፣ ካብ ኣስመራ 24 ኪሎ ሜተር ርሒቓ ትርከብ። ኣብዚ ዓዲ፣ ካብ ቅድሚ ሸሞንተ ዓመታት ኣትሒዙ ዝጀመረ ናይ ምግራብ መደብ፣ ብሶላ ሓያል ጻዕሪ ህዝቢ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ይርከብ ኣሎ። መደብ ምግራብ ዕውት ክኸውን እንተኾይኑ፣ ክጽዋዕ ምትካል ልዑል ክንክንን ቀጻሊ ምክትታልን'ዩ ዘድልዮ። ህዝቢ ዓዲ-ማስፍንቶ ዝኽተሎ ኣገባብ ኣሰራርሓ ድማ፣ ኣብ ባይታ ኣተባባዒ ወጽኢት ይህብ ኣሎ። ንሎሚ እምበኣር፣ እቲ ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ምስ ኣወሃሃዲ ኮሚቲ ምግራብ እቲ ዓዲ ስዑላይ ተኽለማርያም ተኸስተ ዘካየድናዮ ዕላል፣ ካልኣይን መወዳእታን ክፋሉ ሒዝናልኩም ቀሪብና ኣሎና - ሰናይ ምክትታል፦

“ሃገርና ሓንቲ ካብ'ተን ኣብ ትሕተ-ሰሃራ ዝርከባ፣ ምድረበዳት ዝስፋሕፍሓለን ዘለዋን ሃገራት እያ። ብሰንኪ'ዚ ከኣ ንበርስት ኣግራብ እተቓልዕት ሃገር ኮይና ኣላ። ስለዚ፣ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ዓመታት ብርሰት ኣግራብ ንምፍዋስ ቅልጡፍ ስጉምቲ ክንወስድ እንተዘይክኢልና፣ ክኸሰት ዝኽእል ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣሰካፊ እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፣ ሃገርና እትውንኖ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት፣ ብሰንኪ እተፈላለዩ መግዛእታዊ ስርዓታት በሪሱን ጸኒቱን እዩ። ብተወሳኺ፣ ብሰንኪ ዘይቅርዕው ኣጠቓቕማ ደቂ-ሰብን ባህርያዊ ሓደጋታትን፣ ንዊሕ ዓመታት ባዲሙ ዝርከብ መሬትና ብኣግራብ ንምሽፋኑ ሓያል ጻዕርን ተወፋይነትን ዝሓትት እዩ።

ኣቃውማ መሬት ሃገርና፣ ጎቦታት ዝበዝሖ ወይ ዝዓብለሎ እዩ። ከም ሳዕቤኑ፣ ኣብ ኣጻድፍን ጎቦታትን ዝርከብ ሓመድ፣ ብሰንኪ'ቲ ዝፍጠሮ ካልእ ጠንቅታትን ተሸርሺሩ ክብሕኽግ ግድን እዩ። ስለዚ፣ መደብ ምግራብ ብውዱብ መልክዕ ብምስራሕ፣ ስነህይወታውን ከባብያውን ጸጋታት ንምድንፋዕን ንምዕቃብን ሓያል ጻዕሪ ይሓትት። ሓንቲ ገረብ ንኣርባዕተ ሰባት'ያ ኦክስጅን ትህብ። ስለዚ፣ ሓንቲ ገረብ እንተበሪሳ፣ ኣርባዕተ ሰባት ይህሰዩ ከም ዘለዉ'ዩ ዘመልክት። ኣግራብ፣ ብዘተናጸል ዘይረኣ፣ ዝተኣሳሰረ ረብሓታት ዘለዎም እዮም።

መደብ ምግራብ ኩሉ ካልእ ንጥፈታት፣ ብመንግስቲ ጥራይ ክዕመም ክንገድፎ የብልናን። ምኽንያቱ፣ ብዝተበግሶ ሓደ ኣካል ወይ ዓዲ ዝጀመረ ስራሕ፣ ዕውትን ኣብነታውን ወጽኢት ብምሃብ ኣብ ሃገራዊ ዕማም ኣበርክቶ ክህልዎ ከም ዝኽእል ተገንዚብና ኣሎና። እቲ ክረጋገጽ እንደልዮ ለውጢ ኣብ ሓደ ለይቲ ዝመጽእ ወይ ዝግሃድ ስለዘይኮነ፣ ከይተሓለልካ ምስራሕ'ዩ ምስጢር ብልጽግና። ስለዚ፣ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ዓመታት ዕቤት ንኽረጋገጽ፣ ነፍሲ-ወከፍ ዓዲ ይኹን ኣካል ኣበርክቶኣ ምስራሕ የድልዩ። ዋላ'ውን ኣብ ውልቃዊ መንበሪ ቤትና ንእሽቶ ናጻ ቦታ እንተሎ፣ ብዝተኻእለና ክልምዖ ይግባእ።



ኣብ ማስፍንቶ ክካየድ ዝጸንሐን ገና'ውን ዝቕጽል ዘሎን ንጥፈታት ምግራብ፣ ጽቡቕ ግብረ-መልሲ ይረኽበን ኣተባባዒ ወጽኢት ይህበን ኣሎ። እዚ ሎሚ ኣብ ባይታ እንዕዘቦ ዘሎና ለውጢ፣ ድምር ወጽኢት ናይ ሸሞንተ ዓመታት ዘሰሰልናዮ ሓያል ጻዕሪ እዩ። ንኣብነት፣ እቶም ኣብ ከተማ እንነብር ደቂ ዓዲ፣ ከሎ ዋኒንና ጉዳይና ግዜናን ገንዘብናን ከይበቐቕና ብዙሕ ማሳዋእቲ ኢና እንገብር። እንተኾነ ኣብ ሓደ ደረጃ ንኽትበጽሕ ዕላማ እንተሎ፣ ንዚገጥሙ ማሰናኸላት ከም መቐረት'ቲ ቃልሲ ተገንዚብካ ንኸሎም ክትሰግሮም ድልው ኢኻ እትኸውን። ኣብ መወዳእታ ድማ ዝዕጉብ ወጽኢት ክትዕዘቡ እንከለኻ፣ ጻማ ድኻምካን ወፍርኻን ብምርካብካ ውሽጣዊ ሩፍታ ክስምዓካ ባህርያዊ እዩ።

ብተወሳኺ፣ ነቲ ዝተተኽለ ኣግራብ ወግሑ ጸቢሑ ብቐረባ ብቐጻሊ ብምክትታል፣ ዕብየቱ ኩሉ ህሉው ኩነታቱ ብምፍታሽን ገምጋም ብምክያድን፣ ዝያዳ ኣብ ዝመጽእ እንታይ ክንሰርሕ ከም እንኽእል ነጺሩ። ብዘይካ'ዚ፣ ብእንስሳታት ወይ ብኻልእ ዘይሓላፍነታዊ ተግባር ዝተተኽሉ ኣግራብ ንኸይበርሱ ዝኸታተልን ዝሕልዉን ሰራሕተኛ'ውን ኣብቲ ዓዲ ብመንግስቲ ተመዲቡ ኣሎ።

ኣብ ዝመጽእ ዓመታት ድማ፣ ነቶም ክንግርሆም ዝሓዝናዮም ቦታታት ከይሰልከና ብወህደት ክንልምዖም ኢና። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብሓገዝ መንግስቲ ማስመር መጉዓዝያ፣ ኣገልግሎት ኤሌትሪክስቲን ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይን ከዋድድ ዝኸኣልና፣ ንጥፈታት ምግራብ ድማ ኣብርቲዕና ክንሰርሖ ኢና። ብዘይካ'ዚ፣ ህጻናት ኣብ ንእስ ዕድሜኦም ፍልጠት ቀሲሞምን ተኸሲኮሙን ንኽዕብዩ፣ መዋእለ-ህጻናት ናይ ምህናጽ መደብ ሒዝና ኣሎና። እቲ መዋእለ-ህጻናት፣ ንመህንጸኡ ኣስታት 1.5 ሚልዮን ናቕፋ ባጀት ከም ዘድሊ ኣጽኒዕናዮ ስለዘለና፣ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሓገዝ ክገብረልና ንጽበ ኣለና። ከም'ኡ'ውን፣ ህዝቢ ዓዲ-ማስፍንቶ ኣብ ሰሜናዊ ባሕሪ'ዩ ንጥፈታት ሕርሻ ዘካይድ ነይሩ። እንተኾነ፣ እቲ ንሕርሻዊ መዳይ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ቦታ፣ ሎሚ ሃገራዊ ሕዛእቲ ኮይኑ ስለዘሎ፣ ህዝቢ እዚ ዓዲ ንማሕበራዊ ሕርሻን ካልእን ዘገልግሉ ናይ ኣስታት 7 ሚልዮን ናቕፋ ዓቢ ዲጋ ንምህናጽ መንግስቲ መደብ ኣውጺኡ ኣሎ።

ዓዲ-ማስፍንቶ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ታሪኻዊ ፍጻመታት ዝተኻየደሉን ተጋደልቲ ብናጻ ዝንቀሳቐስሉን ስፍራ ጅግንነት'ዩ ነይሩ። ህዝቢ እዚ ዓዲ ምስ ተጋደልቲ ደቂ ጥቡቕ ምትእስሳር ዝነበሮ፣ ኣብቲ ሓርነታዊ ቃልሲ ድማ ብተወፋይነት እጃሙ ዘበርከተን እዩ። ስለዚ፣ ንየም ምእንቲ ሓፋሽ ህዝቢ ዝሓለፉ ሰማእታት ንምዝካር፣ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ '20 ሰ' መዓልቲ ሰማእታት መደብ ምግራብ ተኻይዱ ነይሩ። ሎሚ ዓመት'ውን እቲ ዓሚ ዝተበገሰ መደብ ምትካል ገረብ ስውኣት፣ ብዝዓበየ መልክዑ ንኽንቅጽሎ ወጥን ኣውጺእና ኣሎና። ስለዚ፣ ነቲ ጽቡቕ ስጉምትና ናይ ስራሕ ወኒ ናብ ዝቕጽሉ ወለዶታት ንምትሕልላፍ ሓላፍነታዊ ግዴታና ክኸውን እዩ።

ብሰናይ ተበግሶ ዝጀመረ ስራሕ፣ ወጽኢቱ ኣዕጋቢ ከም ዝኸውን ከረጋግጽ ክኢልና ኣሎና። ደሌታት ደቂ-ሰብ መወዳእታ ወይ ዓጋቲ ስለዘይብሉ፣ ንጥፈታት መደብ ምግራብ ምስኡ ብምስኡ ምስ ዛዘምና፣ ተማሃሮ ጥጡሕ ኣገልግሎት ትምህርቲ ንኽረኽቡ ክንሰርሕ ኢና። ኣባላት ኮሚቲ ምግራብ ህዝቢ ንዝሰኮሞና ሓላፍነት ኣብ ተግባር ብምውዓል፣ ዘይሃስስ ታሪኽ ናብ ወለዶታት ከሰጋግር'ዩ ናትና ዕላማ።

ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝነብሩ ደቂ'ዚ ዓዲ፣ ኩሉ ግዜ ንጹር ፕሮጀክት ክቐርበሎም ጥራይ'ዮም ዝጠልቡ። ንሕና ድማ ነቲ ካብኦም ዝጥለብ ብትግሃት ንምምላእ፣ ኣብ መንጎና ናይ ርክብ ድልድል ሃኒጽና ንርከብ ኣሎና። ከም ዝፍለጥ፣ ኤርትራዊ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ፣ ወትሩ ህዝቡን ሃገሩን ምስ በለ እዩ። እቶም ራህዋ ሕብረተ-ሰብና ዝደልዩ ግዱሳት ዜጋታት'ውን ኣብ ኩሉ ምንቕስቓሳትና ደገፎም ልዑል እዩ። ብሓፈሻ፣ ኣብዚ ኩሉ እንካይዶ ንጥፈታት፣ ኣበርክቶኦም ተወፋይነትን ነበርቲ ማስፍንቶ ብቐዳምነት'ዩ ዝሰርሑ።

ብዘይህላወ ኣግራብ፣ ቀጻልነት ደቂ-ሰብ ኣብ ሓደጋ ከምዝወድቕ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እምበኣርከስ፣ ሓመድና ብውሒጅ ተባሕጒጉ ናብ ምዕራብ ከይግዕዝ፣ ኣብ ጎላጉልን ኣጻድፍን መሬትና ገረብ ብምትካል ተፈጥሮኣዊ መልክዑ ንኽምለስ ክንጽዕር ይግባእ። ገረብ ምትካል ጥራይ ወጽኢታውነት ኣይህልዎን እዩ። ስለዚ፣ ፈልሲ ምስ ተተኽለ ወጽኢቱ ንምግምጋም፣ ብቐጻሊ ክትትል ብምክያድ 'ከመይ ኣሎ? ኣብ ምንታይ ደረጃ በጺሑ ኣሎ?' ኢልና ክንፍትሾን ዘለዎ ጸገማት ክንፍውሶን ሓላፍነት ኣሎና። እቲ ምንታይ፣ ቁልዓ፣ ገረብን ጽርግያን ብቐጻሊ ምክትታልን ክንክንን ስለዘድልዮም። ብኣንጻር'ዚ፣ ወፍርናን ተገዳስነትናን



ትሑት እንተኾይኑ፣ ኣብ መጻኢ ዕንወቱ ከቢድ'ዩ ዝኸውን። ምኽንያቱ ዝዘራእካዮ ስለእትዓጽድ። ስለዚ፣ ዝምልከቶ መንግስታዊ ኣካል፣ ኣብየ ከባቢኡ ንጥፈታት ምግራብ ዝካየደሉ ሕዙእ ቦታታት ብምኽላል፣ ንትግባረኡ ኣብርቲዑ ክሰርሕ ይግባእ። ሕብረተ-ሰብ'ውን ረብሓታት ኣግራብ ንህላወኡ ቀንድን መተካእታ ዘይብሉን ምዃኑ ተገንዚቡ፣ ኣበጋስን ተግባርን ናይቲ መደብ ወይ ንጥፈታት ምግራብ ክኸውን ይግባእ።








## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቊ.ስ 116266 / 201820(2220)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቊ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጳ. 247

**ለይ-ኣውት**
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቊ.ስ.200454-07121322

**ምልክታ**
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጳ. 1284

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ገስጋስ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣስማጥ



ኣስማጥ፡ ሓንቲ ካብ ንኡሳን ዞባታት ዓንሰባ እያ። ቁላን ከበሳን ዝቃጸጸላ፡ ወህደት ትግረን ትግርኛን ሕዳርብን ዝነጸብረቐላ፡ ካብ ጸፍሒ ባሕሪ 1695 ሜትሮ ብራኸ ዘለዋ ኣስማጥ፡ ማእከል ምምሕዳር ኣስኩዳ ትብሃል። እዛ ንኡስ ዞባ ኣብ ማሕረስን ንግድን ዝጸጥፍ፡ ልዕሊ 40 ሽሕ ህዝቢ ዝሓቘፈት እያ። ተቐማጠኣ ድማ ኣብ 28 ዓዲታትን ሸሞንተ ምምሕዳር ከባቢታትን (ኣስማጥ፡ ሃወሼ፡ ኢራ፡ ኣረታ፡ ሺጋሊ፡ ሹኑ፡ ወግረትን ኢምባልዳይትን) ተጠርኒፉ ይነብር።

ንኡስ ዞባ ኣስማጥ፡ ብደቡብ ምስ ንኡስ ዞባ ሓልሓል፡ ብምብራቕ ምስ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ሰልዓ፡ ብምዕራብን ሰሜናዊ ምዕራብን ድማ ምስ ዞባ ጋሽ ባርካ - ንኡስ ዞባ ከርከበት ይዳወብ። ዝሰፍሐ ክፋል መሬት ንኡስ ዞባ ኣስማጥ፡ ዓበይቲ ጐቦታትን ኣርኣራትን ዝዑበለሉ እዩ። ብሕልፊ ኣስኩዳ፡ ብሸነኽ ሰሜናዊ ምዕራብ ዘላ ንእሽቶ ክፋት ጉዳጓ፡ ከም ገዖት ብዓበይቲ ጎቦታት ተኸቢባ ኣብ ዓሚቑን ለጥላጥን ቦታ ዝተደኮነት እያ። እዛ ማእከል ምምሕዳር እዚኣ፡ ኣብ ብበዓይኑቶም ዓበይቲን ንኣሽቱን ኣግራብ ዝማዕረገ ስፍራ ምድኳና ፍሉይ ግርማ ይህባ።

ኣስማጥ ዘለዋ ባህርያዊ ኣቀማምጣ፡ ብዓይነትን ብዙሕነትን ንመግቢ ጥሪት ዝገልግሉ ኣግራብን ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ንዘሎ ጸቢት ዝሕረስ መሬት ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ንጥፈታት ሕርሻ ከይገተኻ፡ ዝዓበየ ንጥፈታት ግን ኣብ መጓሰ ገይርካ ክትነብረሉ ምቹእ ከባቢ እዩ።

ኣብ ኣስኩዳ ልዕሊ ኹሉ ጸብለል ኢላ እትርእ እታ ኣብ ሕምብርታ ዝተደኮነት ኣብ ግዜ ሰውራ ዝተደኮነት'ሞ ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ብዘመናዊ ኣገባብ ዝተሃንጸት ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ እያ። ብ1984፡ ኣብ ትሕቲ ኣግራብን በዓቲን ተመስሪታ ኣገልግሎት ክትህብ ዝጀመረት ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ኣስማጥ፡ ድሕሪ ናጽነት ምሉእ ህንጻ እዩ ተዋዲዱላ። ናይ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ክትምህር ከኣ በቒዑ። ኑቶም ኣብ ከባቢኦም ዕድል ትምህርቲ ክረኽቡ ዘይክእሉ ካብ ርሑቕ ከባቢታት ዝመጽኡ ተማሃሮ - ካብ ንኡስ ዞባ ሰልዓ ከርከበት፡ ገለ ክፋል ሓልሓል ከምኡ'ውን እቲ ርሑቕ ዝበሃል ከባቢታት ናይቲ ንኡስ ዞባ ተቐቢላ ኣብ ምምሃር ትርከብ። መጀመርታ እዛ ቤት ትምህርቲ ናይ ማእከላይ ደረጃ ተማሃሮ ጥራይ እያ ትቕበል ነይራ። ድሕሪ ግን ናብ ካልኣይ ደረጃ ዓቢያስ ካብ 21 ዙርያ ጀሚራ ተማሃሮኣ ንሳዋ ክትሰድድ በቒዓ ኣላ።

ትምህርቲ ኣብ ምዕባለ ሕብረተ-ሰብ ብሓፈሻ፡ ሃገር ድማ ብፍላይ፡ ቀለስቲ ካብ ዝበሃሉ ረቛሒታት ሓደ እዩ። ትምህርቲ ዘይብሉ ሕብረተ-ሰብ ክበጽሖ ዘኽእል ደረጃ ምዕባለ ኣይህልዎን። መፍትሒ ናይ'ዚ ኹሉ ሽግር ዘኸውን - ምምሃር እዩ። እዚ ክኸውን እንተደኣ ኮይኑ ግን ካብ ከባቢኡ ከይረሓቐ ኣብያተ ትምህርቲ ክድኮኑሉ ኣለዎ። ዝኾነ ጉዳይ ብዘዮዮእ ዝተረድኣ ህዝባዊ ግንባር፡ ንትምህርቲ ናይ ቀዳምነት ቀዳምነት ሰሪዑ ካብ ዝጥምቶም ጽላታት ሓደ እዩ። ገና ካብ ቅድሚ ናጽነት ጀሚሩ ኸኣ፡ ብኸቢድ ቃልሲን ጻዕርን ኣብቲ ርሑቕ ዝበሃል ከባቢታት ከይተረፈ ብርክት ዝበላ ኣብያተ ትምህርቲ ሃኒጹ። ዜጋታት ከኣ ተኻፊልቲ መኣዲ ትምህርቲ ክኾኑ ምብቅዖም፡ ኑቲ "ዝኾነ ሰብ ብትምህርቲ ንድሕሪት ክተርፍ የብሉን!" ዝብል መሪሕ ጭርሖ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዘጉህድ እዩ።

ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ኣስማጥ፡ ብዘይካ እተን ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ናይቲ ንኡስ ዞባ ዝርከባ ዓዲታት፤ ካብ በዓል ከርከበት፡ ጣህራን ሕሩምን ንዝመጽኡ ተማሃሮ ከም እትቕበል እውን ይጥቀስ። ብሳላ እዚ፡ ኣብቲ ከባቢ ብሕጽረት ኣብያተ ትምህርቲ ካብ ምህሮ ዝዕንቀጽ ተማሃራይ ዳርጋ የለን። እቶም ናብ'ዚ መጺኦም ዝመሃሩ ተማሃሮ፡ ናብ ማእከላይ ደረጃ ዝሓለፉ ኰይኖም፤ ኣብ ከባቢኦም ቤት ትምህርቲ ዘየሉ ወይ እውን ጸገም ዘለዎም እዮም።

ኣብ ከባቢኦም ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቶም ዛዚሞም፡ ብመሰረት እተን መጉበቲ ኣብያተ ትምህርቲ ብስሩዕ ናብ እዛ ቤት ትምህርቲ ዝለኣኹን ከካብ ምምሕዳራቶም ጸገማቶም ተመምዩ ናብ እዛ ቤት ትምህርቲ ዝጽንበሩን ተማሃሮ እውን ኣለዉ።

ጸብጻብ ዓመተ-ትምህርቲ 2022/23፡ ተሳትፎ ተመሃሮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ከምዝመልክቶ፡ ናይ 18 ሚእታዊት ዕቤት ከምዝርኣየ የረድእ። እዚ ተመዝጊቡ ዘሎ ዕቤት ውጽኢት ምትሕብባር ኩሎም ኣካላትን ምብራኽ ንቕሓት ሕብረተሰብን ምዃኑ፡ ሓላፊ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ኢብራሂም እኩድ ኣብሪሁ።

ኣብ ቀዳማይ ፍርቂ ዓመት፡ መጠን ምሕላፍ ብማእከላይ ገምጋም 84 ሚእታዊት ምዃኑ ዝጠቐሰ መምህር ኢብራሂም፡ ኣብ ብቕዓት ትምህርቲ ዝሓሸ ውጽኢት ንምምጻእን ተሳታፍነት ደቀንስትዮ ንምብራኽን ግን ተወሳኺ ስራሕ ከምዝሓትት ኣገንዚቡ። ኣብ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ፡ ካብ መውዓሊ ህጻናት ክሳብ 2ይ ደረጃ ኣብ ዘለዋ 22 ትካላት ትምህርቲ፡ 2,515 ደቀንስትዮ ዝርከብኦም 6,700 ተመሃሮ ስሩዕ ኣገልግሎት ደረኽቡ ምህላዎም ከኣ መምህር ኢብራሂም ወሲኹ የረድእ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ፡ ህዝቢ ብቐዋምነት ኣብ ዝነብሩለን ከባቢታት፡ ኣብ ምዕባለ እቲ ንኡስ ዞባ ኣበርክቶ ዝገብሩ ብርክት ዝበሉ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ዝህቡ ትካላት ተደኲኖም እኳ እንተለው፡ ኣብዚ ከም ብድሆ ኰይኑ ዝጥቀስ ዝበረ፡ ንኣስማጥን ኣሮታን ዘራኽብ ጽርግያ እዩ። እዚ ሽግር'ዚ ንምፍታሕ ኩባንያ ህንጻ ብድሆ ምስ ተቐማጦ እተን ከባቢታት ብምውህሃድ ብዘዋደድዎ ዘይሕለል ጻዕሪ እቲ ሽግር ተፈቲሑ። ከም ውጽኢቱ ነርቲ፡ ኩባንያ መጐዓዝያ ሓራት ተመዲቡዩም ኣብ ሰሙን ክልተ ግዜ ኣገልግሎት ክረኽቡ በቒዖም ኣለዉ።

ኣብ መዳይ ኣገልግሎት ጥዕና ብዘምልከት ከኣ፡ ኣብቲ ንኡስ ዞባ፡ ሓንቲ ማእከል ጥዕና ኣብ ኣስኩዳ፡ ኣብ እሮታን ሺጋሊን ድማ መደበራት ጥዕና ኣለዋ። ምድኳን እዘን ትካላት ጥዕና፡ ጥዕና ነበርቲ እቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ምውሓስ ብሓፈሻ፡ ኣብ ክንክን ጥዕና ኣደን ህጻንን ድማ ብፍላይ፡ ጸቡቕ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ደርከባ። ብዘይካ'ዚ፡ እኹል ናውቲ ሕክምና ዝዓጠቐ ካብ ርሑቕ ከባቢታት እቲ ንኡስ ዞባ ንዝመጻ ኑበሰ ጾራት ዘገልግል ብጥበእ ዝተሃንጸ መጸበዪ ክፍሊታት እውን ኣሎ።

ቀረብ ማይ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ፡ ዘሐይት ኣይኰነን። ኣብ ገለ ብጹሒያዊ ጸዓት ተጠቒሞም ካብ ዒላታት ዝምንጩ ጽሩይ ማይ ክሰትዩ እኳ እንተበቕዑ፡ ኣብ በርኽቲ ከባቢታት ዝነብሩ ግን ርኡይ ዋሕዲ ዝስተ ማይ ኣለዎም። ብኣንጻሩ ኣብ ለጠቕ ዝበለ ከባቢታት ዝነብሩ፡ ካብ ዝዘርዩ ወሓይዝ (ሩባታት) ስለ ዝጥቀሙ፡ ካብቶም ኣብ በርኽቲ ቦታታት ዝነብሩ ዝሓሸ ቀረብ ማይ ኣለዎም። ሃዊሽ ከም ኣብኡ እንተደኣ ርኢና፡ ጸሓያዊ ኣገባብ ተጠቒምካ ናብ ተጠቀምቲ ክብጽሕ ዘኽእል፡ ኣኺሉ ዝተርፍ ማይ ዘለዎ ሃብታም ቦታ እዩ። ብኣንጻሩ፡ ሻካን ኢራን ግን ተፈጥሮኣዊ ኣቀማምጣኤን ዝፈጠሮ ሕጽረት ማይ ዘለወን ከባቢታት እየን። እዚ ጉዳይ ነባሪ ፍታሕ ክርከቦ ብዝብል፡ ትሕተ-ብይታኣዊ ማይ እዘን ከባቢታትን ካልኦትን ንምህብታም፡ ዲጋታት ንምህናጽ ሓያል ጻዕሪ ከምእተኻየደ ከኣ ኣማሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ኣቶ ዑስማን ኣድም-ከር ሓቢሩ። ሕረትን ጸገማትን ጽሩይ ዝስተ ማይ ንምቅላል፡ ኣብ ሻካ፡ ተፈርጃን ገበን ሓደስቲ ዲጋታት ንምህናጽ መደብ ወጺኡ ምህላዉ'ውን ኣገንዚቡ።

ንኡስ ዞባ ኣስማጥ፡ ባህርያዊ ኣቀማምጣኡ ዝፈጥሮ ጸገም፡ ዝሕረስ መሬት ኣዝዩ ድሩት እዩ። እዚ ዝፈጠሮ ከኣ፡ ሕርሻዊ ንጥፈታት ብሰፊሓት ንኽትትግበሉ ዘተባብዕ ኣይኮነን። ዝርከቡ ዝሕረስ ዝበሃል መሬት፡ ኣብ ኣፍ ወሓይዝ ሩባታት ዝርከቡ ለጥላጥ ከባቢታት እዮም።

ከም ቀንዲ ቀጠባዊ ምንጪ ነበርቲ ህዝቢ ኣስማጥ ዝጥቀሳ ጥሪት እየን። ዕላማ መስርሕ ህንጸት ከዘንቲ ማይ (ዲጋታት) ከኣ፡ ቀረብ ዝስተ ማይ ንነበርቲ እቲ ቦታ ምውሓስ ጥራይ ኣይኰነን። ቀጻሪ ጥሪት ኣብ ምስሳን፡ ህይወት እቶም ምሕደግ ኣብ ዝበለ ከባቢታት እቲ ንኡስ ዞባ ዝነብሩን ኣብ ግምት ኣትዩ ዝሰረሐሉ እዩ። ከም ውጽኢቱ ከኣ፡ ኣብ ህይወትን መነባብሮን ማሕበረ-ሰብ እቲ ከባቢ ደገፍ ክህልዎ ትጽቢት ይግበረሉ።

ማእከል ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ዝኾነት ኣስኩዳ፡ ሕርሻዊ ንጥፈታት ከተካይደላ ምችእቲን ንሕርሻ ዝኸውን ዕቑር ጸጋ ዘለዋን ኰይና፡ ፈቖድኡ ፋሕ ኢሎም ህይወቶም ዝመርሑ ነበርቲ ተጠርኒፎም ክነብሩላ እያ ተመሪጻ።



መም/ ኢብራሂም እኩድ

ኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ኣቶ ዑስማን ኣድም-ከር ኣብ መወዳእታ፡ ፈቖዶኡ ፋሕ ኢሎም ህይወቶም ዝመርሑ ነበርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ኣብ ትርጉም ጥርናፈን ዝህቦ ረብሓን ግንዛበኦም ከዕብዩ ከምዝዮዮእ ብምምልካት፡ ዘይሕለልን ሓያልን ጻዕሪ ክካይድ ምጃንሑ ኣብሪሁ። ሕጂ እውን እንተኾነ እቲ መደብ ምሉእ ብምሉእ ክሳብ ዝዕወት እቲ ጻዕሪ ገና ብዘሓየለ መልክዑ ክቕጽል ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ብዘኾነ፡ ኣስማጥ፡ ካብ ከተማ ከረን ንሸነኽ ሰሜናዊ ምዕራብ 120 ኪሎ ሜትሮ ርሒቓ እትርከብ ንኡስ ዞባ እያ። ዝተፈላለዩ ኣዝርእቲን ፍረታትን ዝፀቕልዋ፡ ብተወሳኺ፡ ኣብ መዳይ ጽሩይ ዝስተ ማይ፡ ትካላት ጥዕና፡ ቤት ትምህርቲን ካልኦት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት እውን ካብዘን ጸቡቕ ዝሰጉማ ዘለዋ ንኡስ ዞባ እያ። ተሳትፎ ህዝቢ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ኩሉ ዝካየድ ልምዓታዊ ንጥፈታት - ህንጸት ሓደስቲ ኣብያተ- ትምህርቲ፡ ምሕዳስ ትካላት ወዘተ፡ ልዑል ምዃኑ ኣማሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ዑስማን ኣድም-ከር የረጋግጽ።

**ምንጪ፡ ኤርትራ ፕሮፋይል (ጥሪ 2023)**




ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ምህሮን ዋንጫን

## / ሰብ ስለምንታይ ይስዕርን ይስዓርን?/



ዋንጫን ምህሮን መካይድቲ ዘይኮኑ ዝመስሎ ብዙሕ ሰብ ኣሎ። ኣነ እውን ክሳብ ቅሩብ ግዜ ይመስለኒ ኣይነበረን። ወይ ኣብ ምህሮ ወይ ኣብ ዋንጫ እዩ እቲ ጥርዚታት ዝርኣየኒ ዝነበረ። ዋናጫን ምህሮ ግን ዝተኣሳሰሩ እዮም። ምናልባት እዚ ዓንቀጽ ዋንጫ ዝብል ቃል ምስፋሩ ንገለ ሰብ፡ ሰኽራማት ንምትብባዕ ተባሂሉ ዝጸሓፍ ዘሎ ኮይኑ ክስምዖ ይኽእል እዩ። ሰኽራም ግን ምትብባዕ ኮነ ምፍርራሕ ዘይደሊ ኣብ ናይ ገዛእ ርእሱ ዓለም ዝነብር ሰብ ስለዝኾነን እዚ ጽሑፍ እውን ስለዘየተባብዖን በዚ ምሕሳብ ንግደፎ። መብዛሕትኡ ግዜ እቶም ወርትግ ዝሰኽሩ፡ እቶም ቅድሚ ምስታዮም እውን ኣብ ምንባር ወይ ገለ ክፋል ምንባር ዝሰኸሩ ሰባት ስለዝኾኑ ንዕኦም እዚ ዓንቀጽ ክንደየናይ ከይጸልዎም።

### ዋንጫ እንታይ እዩ?

ዋንጫ፡ ኣብ ሓደ ዓውደ ውድድር ተሳቲፋ ንዝተዓወተ ሰብ ዝወሃብ ናይ ዓወት መግለጺ ዝኾነ ጽዋእ እዩ። ዋንጫ ናይ ክእለት፡ ንንጥፈትን ብሉጽነትን መግለጺ ተጌሩ ዝሕሰብ፡ ዝተዓወተ ዝወስዶ ጋማ እዩ። መስተዩ ስዋ ዝኾነ ኣቕሓ እውን ዋንጫ ከም ዝብሃል ዝተፈልጠ እዩ። እቲ ኣብዚ ዝንገረሉ ግን ምስ ዓወት ተኣሳሲሩ ዝመጽእ ዋንጫ እዩ። ምህሮ ከኣ እቲ ስዕረት ዝወረዶ ኣካል'ውን ዝወስዶ ካልእ ዓይነት ዋንጫ እዩ። ገሊኦም ለባማት “ዋላ ኣብቲ ጸወታ ተሰዓር ኣብቲ ምህሮ ግን ኣይትስዓር።” ከምዝብልዎ እዩ። እዚ ማለት ዋላ እኳ ጭራ ስለ ዘወጻእካ ነታ ዋንጫ ኣይትውሰዳ፡ ስለምንታይ ጭራ ከም ዘወጻእካ ምፍላጥን ካብኡ ንንየ ምልባምን፡ ማለት ናይ ውሽጢ ልቢ(ምህሮ) ምውሳድ እዩ። ንምኳኑ ግን ዓወት ማለት እንታይ ማለት እዩ? ስዕረት ናይ ዓወት ተጻራሪ ዲዩ? እናሰዓርካ ጥራይ ምንባር ይከኣል ዶ? ንሕና ሰባት ፍጹም ዕውት ዝበሃል ስራሕ ክንሰርሕ ንኽእልዶ? ዓወት ንሰብ ክጎድኦ ይኽእል ዶ? ስዕረት ጠቓሚ ዝኾነሉ ኩነታት ክህሉ ኣይክእልን? ከምቲ ኣቶ ቻርለስ ዳርዊን ኣብቲ ፍልቀት ወይ ከኣ ደፋእታዊ ለውጢ ዝበሃል ሓሳቦም፡ “ምንባር ናይ ዝበቕዐ እዩ” ዝብልዎ፣ ሓደ ካልእ እንከይወደቐ ካልእ ተዓዊቱ ክበሃል ኣይክእልን? ብሓንሳብ ኮንካ ምዕዋት ዝብሃል የለን ዲዩ?

ውድቀት፡ ክሳራ፡ ስዕረት፡ . . . ዝበሃሉ ነገራት ብዙሕ ሰብ ንኽሰምዖም እኳ ዝጸልኦም እዮም። ይኹን እምበር ካብ ጥንቲ ክሳብ ሎሚ ንሳቶም ኣለዉ፣ ሰብ እውን ኣሎ። ብርግጽ እዞም ነገራት እዚኣቶም ርእየዮም ኣይፈልጥን እየ ዝብል ሰብ ኣብ ዓለም እንተሎ ንሱ ኣብ ዓለም ዘሎ ዝመስሎ ዝነበረ ግን ዘይነብረ ሰብ እዩ ምበልኩ። ምኽንያቱ ኣብ ዓለም ምህላው፡ ባህርያዊ ብዝኾነ መንገዱ ኣብ መንጎ ዓወትን ውድቀትን ንምንባር ዘገድድ እዩ። እዚ ምስ ምዕባይን ምንኣስን፡ ምልባምን ምዕሻውን፡ ምፍላጥን ምድንቋርን፡ ጥራይ ዝተኣሳሰር እውን ኣይኮነን። እዚ ባህርያዎ ዝኾነ ስርዓት እዩ። ከመይ?

1. እቶም ዕዉታት ኮይንናሎም እንብሎም ነገራት፡ ካብ ውድቀት ናይ ካልኦት ሰባት ዝተመሃርናዮም እዮም። ስለዚ እቲ ናትና ዓወት ብናይ ካልኦት ውድቀት ድጋፍ ዝተገብረሉ ምናልባት እውን ዝተመስረተ ምኳኑ እንክንሓስብ፡ ‘ንሕና ንውድቀት ፈጺምና ዘይንፈልጣ ኢና’ ኢልና ከመይ ጌርና ክንዛረብ ንኽእል? ንኣብነት ንስኻ ሓንቲ ኣምፑል ከመይ ጌራ ምስ ኤለክትሪክ ምስ ተራኸበት ወይ ከመይ ብዝበለ ኣሰራርዓ ምስ ተተኽለት ከምእትበርህ ስለዝፈለጥካያን ብዘይ ዝኾነ ጌጋ ስለዝሰራሕካያ ‘ኣነ ኣምፑል ኣብ ምልጋብ ፍጹም ዝኾነ ክእለት ኣለኒ’ ክትብል ትኽእል ኢኻ። ይኹን እምበር እታ ዕዮ ካልኦት ሰባት ኣሽሓት ግጉያት ፈተነታት ኣካይዶም ዝረኸብዋ ምኳና እንተሓሲብካ እንታይ ትብል?! በዚ መለክዒ ዓወትካ ካብ ውድቀታት ተሰሪሑ ወይ ተናድዩ ማለት እዩ።

2. እቶም ንሕና ከም ዓወት እንሓስቦም ነገራት፡ ዓወትነቶም ርግጽ ዘይምኳኑ እውን ካልእ ሓሳብ ክነልዕል ንኽእል ኢና። ንኣብነት ንስኻ ሓደ መኪና ዘፍሪ ትካል ከፊትካ ሃብታም ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ይኹን እምበር ናትካ ናይ ህይወት ጻውዒት ሙዚቀኛ ንምኳን ይኑብር። ውሽጥኻ እውን ሙዚቀኛ እንተትኸውን እቲ ዝበለጸ ሙዚቀኛ ክትኮነሉ እትኽእል ጥቡብ ዝተዓቐሮ ይኸውን። ንስኻ ግን መኪና ብምሻጥ ስለዝሃብተምካ ጥራይ ንነብስኻ ከም ዕዉት ብምሕሳብ እቲ ካልእ ጸጋኻ ትደፍኖ። ወይ ከኣ ብንእሽቶ ራህያ ዓወት፡ ንዓቢ ናይ ዓወት ውቅያኖስካ ዕሽሽ ትብል። በዚ ከኣ እቲ ዓወትካ ናይ ውድቀት ምኽንያት ኮይንካ ይኑብር።

3. ሓደ ሓደ ግዜ ናይ ዓወትን ውድቀትን ፍልልይ፡ ነቲ ትዓየ ዘለኻ ወይ ነቲ ትሓስቦ ዘለኻ ክትሓስብ ምኽኣልን ዘይምኽኣልን እዩ። ምናልባት ሓደ ዕሙቕ ዝበለ ናይ ስርሑ ገምጋም ዘይገር ሰብ ይዕወት ኣለኹ እናበለ ናብ ቁልቁል ክወርደሉ ዝኽእል ዕድል ኣለዎ። እዚ ብርግጽ ምስ ደረጃ ዕቤት፡ ምስትውዓልን ምንቕቓሕን ናይ ሓደ ኣካል ዝተኣሳሰ ክኸውን እውን ይኽእል። ንኣብነት ሓደ ኣብ መዓልቲ 33 ሰዓት ጥራይ ብግቡእ ዝሰርሕ፡ ብዘለዎ ኣካልን ጥዕናን 38 ሰዓት ክሰርሕ ዝኽእል ዝነበረ ሰብ፡ ብስርሑ ንኑብሱ ኣሞጕሱ ምጽጋብ ክስእና ይኽእል እዩ። ምናልባት እዚ ሰብ እንታይ እየ ዝኸውን ዘለኹ? ኢሉ ክሓስብ እንተዘይክኢሉ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ናይ ዕድሜኡ 5 ሰዓት እናኸሰረ ክሳብ ኣፍ እርጋን ወይ ሞት ይኸይድ። እዚ ምስ ምሕሳብን ዘይምሕሳብን ዝተኣሳሰረ ካልእ ናይ ውድቀት ወይ ዓወት ገጽ እዩ።

4. እቲ ኣብ ናይ ዓወት ፍልስፍና ክንረኽቦ እንኽእል ካልእ ሓሳብ፣ ናይ ሰብ ዓወት ብግዜ እተሓጽረ ብምኳኑ ካብ ውድቀት ክፍለ ዘይክእለሉ ኩነታት ከም ዝፍጠር እዩ። ንመረድኢ፡ ሓደ ሰብ ናይ ትምህርቲ ጉዕዞኡ ብኣዝዩ ልዑል ዝኾነ ደረጃ ይዛዝም። እዚ ማንም ሰብ ከም ዝምስክሮ ዓወት እዩ። ይኹን እምበር እዚ ሰብ ነቲ እተማህሮ ኣብ ምትግባር እንተደኣ ዘይኣስሚሩ፡ ናይ ትምህርቲ ዓወቱ ንህይወቱ እንታይ እዩ? እምበርከ እዚ ሰብ ዕዉት ተመሃራይ ብምንባሩ፡ ዕዉት ሰብ ተባሂሉ ክንገረሉ ዝኽእል ዲዩ?! ናይ ትምህርቲ ግዜ ካብ ምንባር ሓደ ዝተወሰነ ክፍለ-ግዜ ጥራይ ምኳኑ ፍሉጥ እዩ!

5. ኣብ ምንባር ውድቀት ዝደልዩ ዓወታት ከም ዘለዉ ዝምጉቱ ሰባት ኣለዉ። ንኣብነት ብዙሓት ዕዉታት ደረስቲ፡ መሃዝቲን ናይ ፈጠራ ክኢላታትን ማሕበራዊ ውድቀት ዝኸበቦ ህይወት ከም ዘሕልፉ ወይ ከም ዘሕለፉ ይንገር። እዚ ንኽመጽእ ምኽንያት ዝኾነ ከኣ ንሞዮኦም ብዝግባእ ንኽውፈዩ ብምባል ካብ ብዙሕ ማሕበራዊ ተግባራት ስለዝድሕሩ ተባሂሉ ይምኽነየሉ። ኣብ ዝተፈላለዩ ካልኦት ሞያታት ዝርከቡ ሰባት እውን “ስራሕ እንዲዩ ሒዝና” እትብል ዝተጠቕለለት(takeaway) ምኽንያት ከም ዝጥቀሙ ዝተፈልጠ እዩ። ወይ እውን ሓደ ሰብ ኣብ ዝተፈላለዩ ዕዮታት ብምስታፍ ኣብ ኢኮኖምያዊ ክፋሉ ዝነኣድ ስጉሚ እንተኸይዱ ኣብ ማሕበራዊ ህይወቱ ግን ንድሕሪት እንተተሳሒቡ ዓወት ነዚ ሰብ እንታይ እዩ? ንምኳኑ ዕዉት ዲዩ ክበሃል ወይ ከምቲ ሓደ?!

6. ካልእ ኣገራሚ ሓቂ እውን ሓደ ኣካል ንዓወቱ ምስ ውድቀት ናይ ካልእ ኣካል እንከትኣሳስሮ እዩ። እዚ ምስቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ናይ ዳርዊን ሓሳብ ኣላጊቦም ብምርኣይ ብዛዕባ ዓወት ዝሓሰቡ ኣለዉ። እዚ “ኣውዲቕካ ምሕላፍ” ዝብል መምርሒ ግን ብዓይኒ ሓቂን ሕልናን እንተጠሚትናዮ ሕቶታት ከነልዕል ንኽእል ኢና። ዕላማና ውድቀት ከምዘይህሉ ምግባር ክንዲ ዝኸውን፡ እቲ ውድቀት ካባና ርሒቑ ዓወት ጥራይ ናባና ከም ዝመጽእ ንገብር ኣለና። ውድቀት ግን ኣባና ኮነ ኣብ ብጻይና ምኽሳቱ ክድገፍ ዘይብሉ እዩ። ብካልእ ኣበሃህላ ካብ ኣፍደገኻ ዝጸረግካዮ ጓሓፍ ኣብ ኣፍደገ እንዳ ብጻይካ ከም ዝእኩብ ምግባር ይኸውን ኣሎ። ስለዚ ከምዚ ዝበለ ንኻልእ ኣውዲቕካ ዝግበር ዓወት፡ ዳግመ ግምት ናይ ምሕሳብ ዘድልዮ ይመስለኒ።

እዞም ሽዱሽተ ሓሳባት ብውሑድ እንተተመልኪትና ብዛዕባ ዓወትን ውድቀትን ዘለና ሓሳባት ክንምለሶን ክንድህስሶን ክቕስቡና ይኽእሉ እዮም ዝብል ተስፋ ኣሎኒ። እዚ ኣብ መደምደሚ ቀሪቡ ዘሎ ዛንታ እውን ካልእ መቀጸልታ ናይዞም ሓሳባት እዩ።

ሓደ ሰብ ወርቂ ይርከቦ እዩ ናብ ዝበሃል ቦታ ይኸይድ። እዚ ናይ ምንባር ደረጃኡ ናይ ምቕያር ሓሳብ ዝነበሮ ሰብ ኣብቲ ቦታ እንክበጽሕ ሓደ ሰብ ይረክብ እሞ “ኣነ ወርቂ ንምውጻእ እየ ናብዚ ቦታ መጺአ። ንስኻ ኣብዚ ዕዮ እንተሓጊዝካኒ ኣምሳያ ናይ ነፍሲ ወከፍ እተውጽኣ ወርቂ፡ 10 ቅርሺ ክሓስበልካ እየ።” በሎ። በዚ ተሰማሚዖም እውን ናብ ምፍሓር ኣተዉ። ዋላ እኳ ንተኸታተልቲ 3 መዓልቲ እንተፈሓሩ ግን እቲ ወርቂ ኣብ ዓሚቚ ነበረ እሞ ክረኽብዎም ኣይከኣሉ። ብድሕሪዚ በዓል ውዕለት “ሰለስተ መዓልቲ ምስኻ ርሂጸ ኣለኹ። ሕጂ ግን ንስድራይን ንብሰይን ዝኸውን መግቢ ክገዝእ ገንዘብ ሃበኒ።” በሎ። ኣብቲ ግዜ ኣብ መንጎ ክልተኦም ዘይምስምማዕ ተፈጥረ። ኣብቲ ቦታ ናብ ዝርከቡ ሓደ ብልቦናኦም ዝፍለጡ ሽማግለ ከኣ ከዱ። ነገሮም እውን ኣብ ቅድመኦም ኣውረዱ።

ብኽልተ ወገን ዝነበረ ሓሳብ ድሕሪ ምስማዕ እቶም ኣብቲ ቦታ ብልቦናኦም ዝተፈልጡ ሽማግለ ከምዚ በሉ። “ወርቂ ንምርካብ ነዚ ሰብ ቀጺርካዮ። ክሳብ እዚ ሳልስቲ ከኣ ብዘይዕረፍቲ ኣእማን ኣውጺእኩም። ነዚ ሰብ ግን ድራሩ ከሊኢካዮ ...።”

“ክቡር ሽማግለ ኣነ ድራሩ ኣይከላእክዎን፣ ምድሪ እያ፡” በለ ደላይ ወርቂ ኣብ መንጎ እትው ኢሉ።

እቶም ሽማግለ ርእሶም ነቕነቑ። “ሓቅካ እዚ ወደይ። ኣብ ውሽጢ ልብኻ ወርቂ ጥራይ እዩ ነይሩ። ምድሪ ግን ኣብ ውሽጣ ደሮና፡ ሓመድ፡ እምኒን ወርቂን እዩ ዘለዋ። ንኹሎም ኣብ ልብኻ ከተእትዎም ክትፍትን እንተ ዘይክኢልካ፡ ንዕደና ዝኸውን ቦታ ኣብዚ ዓለም ክትረክብ ትኽእል ኣይመስለኒን። ንነብስኻን ንኻልኦት ሰባት እውን ብጥሜት ከይትቐትሎም እየ ዝፈርሓልካ።” ጠመትዎ። ገጹ ንምድሪ ኣድኒኑ ኣብ ሓሳብ ኣተወ።

“ንምኳኑ ኣብዚ ሳልስቲ ካብ ሕልምኻ እንታይ ዝዓመምካ ይመስለካ?” መሊሶም ሓተትዎ።

“ወርቂ ዝብሃል ኣይረኸብናን እናበልኩኹም፣ ንሱ እውን ተዓዚቡ እዩ።” ተስፋ ብዝቖረጸ ድምጺ መለሰሎም።

“በቃ ዋላሓንቲ?!”

“እወ ዋላ ሓንቲ ግራም እኳ ኣይረኸብኩን።” ኢሉ ነገሮ።

“ምርካብ እንታይ ምኳኑ ኣየተረዳእካን።” ጠመትዎ። ደላዩ ወርቂ እውን ተገሪሙ ጠመቶም። “ምርካብ እኮ ሓደ ሓደ ግዜ ዘይምርካብ እዩ። ብዙሓት ዘይርከበሎም ቦታታት ፈቲሽካ ኣለኻ። ብዙሓት ነቲ እትደልዮ ነገር ዝጸቐጡን ዝደፈኑን ኣሊኻ ኣለኻ። ነቲ እትረኽበሉ ስፍራ ኣርሒብካዮ ኣለኻ። ስለዚ ክትረክብ ትጅምር ኣለኻ። ኣብ ምንባር እቲ ቁምነገር ዘደለኻዮ ምርካብ ጥራይ እዩ ዝመስለካ ነይሩ?”

“እወ”

“እንታይ ከም እትደሊ ምርካብ እውን ዝደለካዮ ከም ምርካብ ዓቢ ነገር እዩ። ክሳብ ሕጂ ወርቂ ኣይረኸብካን፡ ወርቂ ዝርከቦ ቦታ፣ ወርቂ ንምርካብ ዝውሰድ ኣገባብ፡ ወርቂ ንምውጻእ ዝሕግዝ ሰብን ግን ረኺብካ ኣለኻ። ብዙሓት ሰባት ኣብ ዓለም እንታይ ከም ዝድልዩ እውን ዘይረኸቡ ኣለዉ።”

ደላይ ወርቂ ርእሱ ኣድኒኑ ይሰምዖም ነበረ። ክይድ ኢሉ ከኣ ኣብ እግሪ እቲ ኣፉ ከይከፈተ ዝጸንሐ በዓል ውዕለት ተደፍአ።

ሙሴ ብርሃነ

# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ሲራክ ክፍለ

ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ኣብ ዓምዲ ሓሳባት፡ ሕብረተሰብ ካበይ ናበይ ብኸመይ? ብዝብል ኣርእስቲ ኣተቓርቦ ዘላ ተኸታታሊ ጽሑፍ፡ ብሲራክ ክፍለ (ኖርወይ) ካብ ዝተዳለወ ኣብ መስርሕ ምሕታም ዝርከብ ገና ኣብ ዕዳጋ ዘይተዘርግሐ መጽሓፍ ዝተወሰደ እዩ። ሓያሎ ኣንበብቲ፡ ሓፈሻዊ ዕላማን ትሕዝቶን ናይዚ ብተኸታታሊ ዝቐርብ ዘሎ ጽሑፍ ዘበርህ መግለጺ እንተዝቐርበሉ ዝብል ርእይቶ ስለዝሃቡና፡ ኑቲ ክቐርብ ዝጸንሐ ተኸታታሊ ጽሑፍ ኣሞንጊና፡ ደራሲ ነዚ መጽሓፍ'ዚ ክጽሕፍ ዝደረኾ ምኽንያት ዝገልጸሉ፡ ኣብ "መእተዊ" ኣቕሪብዎ ዘሎ ጽሑፍ፡ ኣብ ናይ ሎሚን እትቕጽል ሕታም ጋዜጣናን ኣብ ክልተ ከፊልና ከምዝለዎ ነቕርበልኩም።

### ፈለማ፡ ንምንታይ እዚ መጽሓፍ'ዚ?

ኤርትራዊ እዩ። ከም ኩሉ ኤርትራዊ፤ ኤርትራዊ እዩ፤ ኤርትራዊ ብትውልዲ፣ ኤርትራዊ ብትምኒት፣ ኤርትራዊ ብደምጺ። ኤርትራዊ ምኳነይ ሕጉሰ፣ ኤርትራዊ ምኳነይ ክሩዕ፡ ትውልዲ ብዙሕ መግለጺ ኣየድልየን እዩ፡ ከም ዓለምና ካብ ወለድና ንወርሶ መንነት ስለዝኾነ። ንዓና ፍሉይ ዝገብረና ሃገር ናይ ምኳን ትምኒትና ብዓውታ ገለጽና፡ ብዓመጽ ዝተኣፈገና መሳል ንምርግጋጽ መሪር ቃልስን ክቡር ዋጋን ስለዝኸፈልና እዩ። ንምብርሁ፦ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ እንከላ፡ 'ኤርትራውያት ዝበሃል ሃገር የለን' እናተባህለ እንከሎ፡ 'ኣይፋልን ንሕና ሓደ ህዝቢ! ሓደ ሃገር! ኢና' ብምባል፡ ኣብ ትሕቲ ታህዲድን ዓመጽን ትምኒት ኤርትራዊ መንነትና ዝገለጸና ህዝቢ ኢና።

ሕጋዊ ኣህጉራዊ ተፈላጥነት ዘይብሉ ሃገርን ሃገራዊ መንነትን ግን ትርጉም የብሉን። ትምኒትና ክዉን ንምግባር ፈላማ ብሰላማዊን ሕጋዊን መንገዲ ሞጉትና። ጉዳይናን ኣሳሲዩዎምን ኑቲ ሰላማዊን ሕጋዊን ሕቶ ልኡላውነትና ብትዕቢትን ንዕቀትን ክገፍዕዎ ሃቂኖም ጥራይ ዘይኮነ፡ ብሓይሊ ከምክንዎ ምስ ፈተኑ፡ በቲ ዝርደኦም ቋንቋ ክረድኦም ብረት ኣልዒልና ኣላሽ ኣብልና ኣንበርኪኽናዮም። ብ24 ግንቦት 1991 ደማ ብቅልጸምና መላእ ህዝብናን ሃገርናን ሓራርና። ኑቲ ብሓይልን ክቡር መስዋእቲ ላህመት ሕብረተሰብናን ዘረጋገጽናዮ ናጽነት ደማ ኣህጉራዊ ሕጋውነት ክለብሶ ልክዕ ኣብዚ ወርሒ'ዚ ሚያዝያ 1993 ብወለንታና ረፈረንዱም ኣካይድና፡ ብዓውታን ብዘዋላውልን 99.8% 'እወ ንናጽነት' ደምጺ ድልየትና ዘስማዕናን ዘተግበርና ህዝቢ ኢና። እወ ኤርትራውያን ምኳንና የሐጉሰናን የኩርዓናን! መን ከማና። ከም ኤርትራዊ ኣብ ወሽጠይ፡ ኣብ መንነ ኤርትራውያንነ፡ ኣብ ቅድሚ ካልኦትን ብመንነተይን ብታሪኽ ህዝበይን ሕቡን እዩ። ከም ኤርትራዊ ምስ ኤርትራውያን ህይወት ከስተማቕር፡ ኤርትራዊ ተሞክሮ ክዘክርን ክዘንቱን ደስ ይብለኒ። ኩርዓት ይስመዓኒ። እቲ ምንታይሲ፡ ካልኦት ከየገኣሰናን ብዘይትምክሕትን መን ከም ኤርትራዊት ኣደ፡ መን ከም ኤርትራዊ ወላዲን ወልዱን።

ናይ ኤርትራውያን ሃገሮት፡ ሓድሕዳዊ ፍቕሪ፡ ክብረን ጥምረትን ኣብ ሰድራቤት ተኻሒሉ፡ ብመቐርቡ፡ መተዓብይትን ሰውራን ተኸሲኩሱ፡ ንመላእ ሃገር ዘጠቓልል ፍሉይ ተርእዮ እዩ። ከምኡ ስለዝኾነ እዩ ከኣ፡ ኤርትራውያን ንሰድራቤትና ይኹን ንሃገርና ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ኣሕሊፍና ዘይንህብ። እዚ ክብሪ'ዚ ኣቡዩም ኣብ ደገ ተወሊዶም ዝዓበዩ ደቅና እውን ተሰጊሪሩ እዩ። ንኣብነት፡ ኣደራ ጓለይ ዝረት ለንደን ከይዳ ምስ ምሓዛኣ ኣብ ከተማ እናዘራ እንከለዋ፡ ኣብ ጽርግያ ዘይሕጋዊ ነገራት ዝሸጡ መዛኡኣ ደቂ 19 ዓመት ይላኽፉወን። ዝሸጥዎ ከምዘየድለየን ምስ ገለጻሎም፡ ሓደ ካብኣቶም "Are you Habesha" ኢሉ ይሓቶ? "ኤርትራዊት እየ" ኢላ መሊሳትሉ። "ኣነውን ኤርትራዊ እየ" ምስ በላ "ንምንታይ ዘይሕጋዊ ነገራት ትሸይጥ" በሉቶ። "ኣደይ ወዲ 16 ዓመት እንከለኹ ካብ ገዛ ስለ ዘሰጎጎትኒ" በሉ። "ወላዳ እትሰብግ ኤርትራዊ ኣደ የላን" ኢላ ደማ መሊሳትሉ። እቲ ዕላል ደማ ብኡ ተቛጺዩ። ከምዚ ኢላ ምስ ኣዕለለትኒ፡ ኣደኒቓያ ተሓጊሰ ደማ። ንሕና ከምዚ ኢና። ንሕና ከምቲ ወለድና ኣሕሊፍና ዘይንህቡ ወሉዳትና ኣሕለፍም ዘይሀበናን ሃገርና ህዝብና መንግስትና ኣሕሊፍና ኣይንህብን ኢና። እዚ ናትና ክብሪ እዩ።

ንሕና መወከሲ፡ መዕቀኒን መንነት ካብ ካልኦት ምልቃሕ ዘየድልየና ኢና። ብመንነትናን ሃገርናን ከኑዓት፡ ብህዝብናን መንግስትናን ሕቡናት፡ ብምክልኻል ሃገርናን ወሽጣዊ ጸጥታናን ቅሱናት። መን እሞ ከማና? ንሕና ሃገርና ዘሎዎ ወድዓዊ ኩነታትን መድረኽን ኣይንስሕቶን፡ ንሕና ወሽጣዊ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊን ማሕበራዊን ሕጽረታትናን ድኻምናን ብዓቢኡ ንገዝእቡ። ግን፡ ምእንቲ እቲ ዓርተታት ኣሸላት ብሉጻት ኣሕዋትናን ደቅናን ከፊልና ዘረጋገጽናዮ ናጽነትን ዘውሓስናዮ ልኡላውነትናን ግዝያዊ ሽግር ንጻወር። ጉድለታትን ጌጋታትን ንጽመም ወረጃ ህዝቢ ኢና። ልኡላውነትና ክደፍር ዝሀቅንን ዝፍትንን ተጻብኦ ሓይሊ ክመጽእ እንከሎ፡ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን መደባትና ኣወዚፍና ወይ ካልኣዊ ገይርና፡ ንሕና ክንብድሆ ዘይንኽእል መኪትና ዘይንሰዕርን ዘይንእድየን ሓይሊ የለን። እዚ ባዶ ፈኸራን ጃህራን ኣይኮነን። ዝፈተኑ ተደርጊሞም ተኣዲዮም እዮም።

ህዝቢ ኤርትራ ዝህዝቡ፡ ኤርትራ ዝሃገሩ፡ ብመንነቱ ዘይሕጉሰን ዘይኮርዕን ኤርትራዊ፡ ወይ'ውን ብዘኾነ ይኹን ምኽንያት ኣንጻር ኤርትራን ህዝባን ደው ዝበለ ኤርትራዊ ክህሉ ኣይምተኸኣለን። ግን ሕንጣጥ ወይ ኣዘዮም ውሑዳት ድኣ ይኾኑ'ምበር ገለ ዘንገዓት'ሰ ኣለው። ቀንዲ-ጸላኢቲ (archy-enemy) ኤርትራን ኤርትራውነትን ታሪኽና ክሰርቁ ታሪኽና ክበልሉን ግኑይ ሰኢሊ ኤርትራን ህዝባን ከጋውሑን ተልእኾና ኣሊም ተታሓሒዞም ኣለው። ኣብዚ ሰይጣናዊ ተግባር ከኣ ንገለ ጕሪ ኤርትራውያን ዝጸበዕ ዝተሰሐ ታሪኽ ኣእሚኖም ከም መሳርሒ ክጥቀምሎም ይፍትኑ። ጓኖት ታሪኽና ከመሪሱሉን ብታሪኽና ክጻወቱን ዕድል ዝረኸቡ ብመጠኑ ናትና ድኻም እዩ። ኣብ ግዜ ቃልሲ ይኹን ድሕሪ ናጽነት ታሪኽ ጀጋኑና፡ ታሪኽ ሰውራና፡ ታሪኽና ከምቲ ዝድለ ኣይተገለጸን። ክንዲ ዝኾነ ዘሕብን ታሪኽ ህዝብና፡ ሰውራናን ሃገርናን ብዓቢኡ ክሰድን ክንሰብን ክንገርን ኣለና። መጺኢ ወለዶ ክፈልጦ። ነዚ መጽሓፍ ክጽሕፍ ዝደረኸኒ እምበኣርከስ ነዚ ቅዱስ ዕላማ ብዓቕመይ ከበርክት ብዝብል ሰናይ ድልየት እዩ።


እዚ መጽሓፍ'ዚ ኣብ ሰለስተ ዝተኸፍለ ኮይኑ፡ ቀዳማይ መጽሓፍ ብቐንዱ ኣብ መንነት፡ ምምስራት ዘመናውያን ሃገራት፡ ኣመሰራርታን ኣቃውማን ሃገራት ኣፍሪቃ ዘተኮረ እዩ። እቲ ካልኣይ መጽሓፍ ከኣ ማሕበረሰብ፡ ምሕደራ ማሕበራዊ ውዳበ ደሞክራሲ እንታይ'ዩ? ዝብል ኮይኑ፡ ማሕበራዊ ምሕደራ፡ መትከል፡ ቅዋም፡ ደሞክራሲ ኣብ ዝብል ኣምራት ከተኩር እዩ። መጽሓፍ ሰለስት ከኣ ውልቃዊ ሓርነት፡ ዘላቒ ልምዓት፡ ፍሉይነት ሃገረ ኤርትራ፡ ብሩህ መጻኢ ኤርትራ ዝደህሰሰ እዩ።

ምንቅስቓስ ተራእዩ። ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝማዕበለ ንኣሽቱ ተቓውሞታት በበቐሩብ ኣንጻር ሓባራዊ ጸላኢ ብምትሕብባር ናብ ሃገራዊ ምንቅስቓሳት መልክዕን ቅርጽን ክትሕዝ ጀሚሩ። እቲ ኣብ ግዜ ጣልያን ዝጀመረ፡ ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም ከኣ ብምምሕዳር ብሪጣንያ ዝቐጸለ ብቐንዱ ሽቕለት ብመጠኑ ከኣ ትምህርቲ ንሓድሕዳዊ ርክብ ህዝብታት ኤርትራን ኑቲ ድሮ ዝተቐልቀለ ደቂ ሃገራውነትን ክታትዮ ጀመረ። እዚ ኣብ ካዊሕ ብዘኾምታን ክምዕበል ዝጀመረ ሃገራውነት ኣብ ኣእምሮ ብዙሓት ብምስሳን ድኹም ድኣ ይኹን'ምበር መንቀሊ ውዱብ ፖለቲካዊ ቃልሲ ኣብ 50ታት ኮነ።

ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም ንብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ናጽነት 'ክምጽወተለን' እንከሎ ግዙኣት ኢጣልያ ዝነበራ ፈለማ ሊብያ (1947) ኣሰዒባ ከኣ ሶማልያ (1960) ናጻ ክወጻ ተፈቒዱለን ከበቕዕ፡ ብሰንኪ ሸርሒ ሃገራት ምዕራብ ብፍላይ ደማ ሕቡራት መንግስታት ኣመራጺን ብሪጣንያን ህዝቢ ኤርትራ ሕጋዊ መሰል ልኡላውነት ተነፈግዎ። ህዝቢ ኤርትራ ሕጋውን ፍትሓውን መሰሉ ብሰላም ሓቲቱ ልኡላውነቱ ተኸልኪሉ ጥራይ ዘይኮነ ኣደዳ ኃጸ፡ ማእሰርቲ፡ ስደትን ሞትን ኮይኑ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ኑቶም ዓመጽቲን ኣሳሲዩዎምን ብዝርድኦም ቋንቋ ንምግጣም ብረታዊ ቃልሲ ጀሚሩ። ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብቲ ናይ መጀመርያ ዓሰርተ ዓመታት ቃልሲ ምዕቡል ውዳበ ኣይንበሮ'ምበር ሃገራዊ መንነት ክሰፍሕን ክዕሙቕን ኣገዚዩ ኣገዳሲ ተራ ተጻዊቱ እዩ። ሰውራ ኤርትራ ኣብ 70ታት ኣብ ኃጸ (ብረታዊ መኸተ) ጥራይ ዘይኮነ "ሓፋሽ ይንቃሕ፡ ይወደብ፡ ይዕጠቕ" ብዝብል ህንጸተ-ሓሳብ (paradigm) ዝጀመሮ ሰፊሕን ዓሚቝን ንቕሓት ኣብ ምሕያል ኤርትራዊ ሃገራዊት ምናልባት እቲ ዝለዓለ ተራ ተጻዊቱ እዩ። ኤርትራዊ መንነትን ኤርትራዊ ጥምረትን እምበኣርከስ፡ ኣብ ታሪኽ መግዛእቲ ተጠኒሱ፡ ኣብ መስርሕ ብረታዊ ቃልሲ ዝማዕበለን ዝደልደለን ዝተኸልዐ፡ ኣብ ዓመታት ናጽነት ከኣ ዝተዓቀበን ዝሓየለን ክውንነት እዩ። ኣብዚ መጽሓፍ'ዚ ከኣ ምድህሳሱ ክፍተን እዩ።

ኣብ ቀዳማይ መጽሓፍ ካብ ንደህሶ ካልእ ኣገዳሲ ኣርእስቲ ብዛዕባ ኣቃውማ ዘመናውያን ሃገራት እዩ። ንገዛእ ርእሱ "ሃገር" ዝብል ኣምርን ኣቃውማ ዘመናውያን ሃገራትን ብቐሊሉ ዘይግለጽ

### ትሕዝቶ መጽሓፍ ሓደ




ኣብዚ ዝሓለፈ ፍርቂ ዘመን፡ ኣብ ዓለምና ካብ ዝተራእዩ ጸንዓትን ደሙቓትን መግለጺ ሃገራዊ መንነትን ሓድነትን እቲ ዝሓየለን ዝሰመረን ኤርትራዊ መንነትን ኤርትራዊ ጥምረትን እዩ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ግን ስለምንታይ? መሪር ሰንሰለታዊ መግዛእቲ፡ መልሱ ግብሪ ናቱ ከኣ ናይ ልዕሊ ፍርቂ ዘመን ሰላማዊን ብረታዊን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጠሮ ወህደት ንብዩ፡ መግለጺ እቲ ልዑል ሃገራዊነትን ሓድነትን ክኸውን ኣይክእልን፡ ከመይሲ፡ ሰላማዊ ወይ ሰላማዊን ብረታዊን ቃልሲታት ኣብ ካልእ ብዙሕ ቦታታት/ሃገራት ተኻይዱ ክሱ ምስ ናይ ኤርትራውያን ዝዳረግ ደሙቕ፡ ስሙር ሃገራዊ መንነት ስለ ዘይፈጠረ።

ፍሉይ ሃገራዊነትን ጥምረትን ኤርትራውያን ክጭምጭሕን ክሰስንን ዝኸኣለ፡ ብድምር ናይ ብዙሕ ነገራት እዩ፡ ገለ ንምጥቃሱ፦ ሓባራዊ ኣፈ-ታሪኽ፡ ናይ ኣማኢት ዓመታት መግዛእታዊ ታሪኽ - ሓባራዊ ግፍዒ፡ ሓባራዊ ንኽሉ ዘሳትፍ ቃልሲ፡ ሓድሕዳዊ ምትሕልላይ፡ ምውርራስ ልምድታት፡ ቀጻሊ ርክባት - ኣብ ኣእምሮ ህዝብታት ናይ ሎሚ ኤርትራ መንቀሊ ወይ ሃሳስ ናይ ሃገራውነት ስምዒት ፈጢሩ። ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጣልያን ከኣ ውሑዳት ድኣ ይኾኑ'ምበር ናይ'ቲ ግዜ'ቲ ሽምኞታትን ምሁራትን ዝመርሕዎ፡ ሽቃሎ ተመዛሮን ዓቕርን ዘሳተፈ ልሕሉሕ ኣብ ወሰን ቦታታት ዝተሓጸረ ናይ ተቓውሞ ኣርእስቲ ብምዃኑ፡ ነዚ ሓፈሻዊ ጸገም ከኣ ገለ ልኡላውነት ኤርትራ ዘይተወሓጠሉም ካብ ጽውጽዋይ ታሪኽ ክሰርሑ ዝፍትኑ ዉኡታት ኣዘቢዮም ክጥቀምሉ ስለዝፍትኑ፡ ብሓፈሻ ኣመሰራርታ ዘመናውያን ሃገራት ኣብ ኣመሪካ፡ ኤውሮጳን፡ ብፍላይ ከኣ ኣመሰራርታ ሃገራት ጎደቦና ክንደህሰስ ኢና። ከምኡ'ውን ገለ ምዕራባውያን ጸሓፍቲ፡ ንታሪኽ ኣመዓብላ ሃገራት ኣብ ኣፍሪቃ፡ ምስ ኣጀንዳኦም ብዘጥዕም መንገዲ ብምግላጽ፡ እንዳሓንሳብ ከኣ ኣፍሪቃ ከም ሓንቲ ገምጃዕ ሓወሲ-ስልጣነ (quasi-civilization) ገይሮም ብምግላጽ ትርጉም ሃገር ኣብ ኣፍሪቃ ኣዘቢዮም ስለዝገልጽዎ፡ ካብኡ ሓሊፉ ሓሓሊፎም ንዝረኣዩ ቀቢላዊ ወይ 'ኣውራጃዊ' ግርጭታትን ምስሕሓባትን ብምምዝማዝ ዘመናዊ ሃገር ኣብ ኣፍሪቃ ከምዘይሰርሕ ወይ'ውን ትርጉም ከምዘይብሉ ኣምሲሎም ስለዝገልጽዎ፡ እዚ ግኑይ መግለጺ'ዚ፡ ገለ ውሑዳት የዋሃት ኤርትራውያን ከይተረፈ ከም ቁም ነገር ወሲደም፡ ኑቲ ማዕከሉይ ዘየድልዮ ኣብ ኤርትራ ኣብ ባይታ ዘሎ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነትን ኤርትራዊ ጥምረትን ዘንጊዖም፡ ቅድሚ ፍርቂ ዘመን ሓሊፉም ኣብ ዝረኣዩ ዝለዓሉ ገለ ንኣሽቱ ትሕተ-ሃገራዊ ስምዒታትን ፍልልያትን ወይ ድኻምት ብምትኻር ክህውትቱ ስለዝረኣዩ፡ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ሃገራት ኣብ ኣፍሪቃ ምድህሳስ ጠቓሚ እዩ።

ምስ'ዚ ኣተሓሒዝና ኣውሮጳውያን ገዛእቲ ኣብ ኣፍሪቃ ዘተኣታተውዎ ምምሕዳራዊ-ክፍለታት (ኣውራጃ፡ ዞባ፡ ጠቅላይ-ግዝኣት ወዘተ.) ናይ ሰባት ወይ ማሕበራዊ-ጉጅለ መንነት (Social-group identity) ከም ዘይተሳ ከርኢ ክንፍትን ኢና።

ይቕጽል

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ቡያ 51 ክፋል |
| 13:30 | (ዜና ዓረብ) |
| 13:40 | ዕላል ጥበባት |
| 14:20 | TECH IN-SIGHT |
| 14:50 | DOCUMENTARY |
| 15:20 | ፓኖራማ |
| 16:00 | ፍትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ፍትራን 2ይ ክፋል |
| 19:15 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ሽምዓ ሰዩቲ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተኸታታሊት ፊልም ቀለቤት ልቢ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | መደብ ሴላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት ሲትትም |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንጎ ከሰስቲ 1.ኣቶ ሙሴ ኣብርሃ ኣስፍሃ +2ን ተኸሰስቲ 1.ኣቶ ገርግሽ ተስፋጋብር ጴጥሮስ 2.ኣቶ የናስ ተስፋጋብር ጴጥሮስን ዘሎ ናይ ሲቪል ክርክር ጉዳይ፡ ኣድራሻኦም ስለዘይተፈልጠ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዖም ን9/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.40 ይቕረቡ። እንተዘይቀሪቦም፡ ጉዳዮም ኣብዘየለውሉ ክረአ ምዃኑ ንፍልጡ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ተኸሰስቲ 1.ኣቶ ፍጹም ሮቨሪ ሃይለ 2. ወ/ሮ ሄለን ኣለም ከ.ዳ፡ ከሳሲ. ትካል ጣኽሲ ልምዓትን ወፍርን ኤርትራ፡ ንገዝኡ ዝምልከት ክሲ ኣብ ልዕሌኹም ማሰራቱ ስለዘለ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/4/23 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 1ይ መጋብኢያ ቁ.32 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፍልጡ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣባሻውል

ወ/ሮ ትምኒት ሰመረ ሃብተማርያም፡ ኣዴና ታደለሽ ኣብርሃ ጸጉ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስታ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ኣቶ ለገሰ ዳኒኤል ገብረእየሱስ፡ ሓወይ ሰሙር ዳኒኤል ገብረእየሱስ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ኤርምያስ ተኽለ ገብረየውሃንስ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ጸጋይ ኣርኣያ ገብረገርግሽ ዝሸጥኩሉይ ማኪና ቁ.ሰሌዳ ER-1-A-6599 ቁ.ቻሲ. JTGOEP70003894 ስም ከተመሓላልፈለይ ክበል ክሲ ማሰራቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ኣቶ ዳዊት የሴፍ ኣለሉ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ለተንገስ ወ/ሃይማኖት ዝሸጠትለይ ኣና ዝዓይነታ ሰሌዳ ቁ.ER-1-B-8899 ቻሲ. ቁጽሪ ZFA14600001473331. ስም ከተመሓላልፈለይ ዝበል ክሲ ማሰራቱልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።

ወ/ሮ ለተንገስ ተስፋይ ኣብርሃም፡ በዓል-ቤተይ ጸጋይ ንዋዩ ብርሃ ስለዝተሰወኡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቂ ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ግደይ ሓድጉ ርእሶም፡ በዓል-ቤተይ ወልዱ በርሀ ሃብቶም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ወኪ.ድባ

ወ/ሮ ጸጋ ዑቕባይ ገብሩ፡ በዓል-ቤተይ ኣፈወርቂ ገብረሂወት ተኽለ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ቁሸት

ወ/ሮ ኣስመረት የሴፍ ጉብሩ፡ በዓል-ቤተይ ተስፋይ ሰለሙን እምባየ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 13ልና ድማ ወራሲት ምኻና ይረጋገጸላ ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጸሎት

ከሳሲት ወ/ት ሊድያ እስክንድር ተኽለሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ስምኦን ሽኮራይ፡ ብስም ሳምሶም ተኽለ ገብረእግዚኣብሄር መኣተዊ ፍቓድ ዝተዋህበ ብቁ.ቻሲ. 209121812000135 ዝተመዝገበት ሽንግሊንዣንግ ዝዓይነታ ቻርጀር ብሽክሊታ ሸይጡለይ፡ ስም ምትሕልላፍ ከይገበረለይ ኣድራሻኡ ስለዝጠፍኣኒ ይጸወዓለይ ስለዝበለ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል 27/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፍልጥ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ ንኡስ ዞባ ዓዲተከሌዛን

ወ/ሮ ሂወት ጸጋየ ተስፋዝጊ፡ በዓል-ቤተይ ብርሃነ ነማርያም ስዩም፡ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሸከቲ

ኣቶ በየነ ገብረሂወት ክፍሉ፡ ኣደይ ውባሸ ኣብርሃም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ተራእምኒ

ናይዝጊ ሃብተማርያም ጫሩም፡ ገርግሽ ሃብተማርያም ጫሩም ስለዝዓረፈት፡ ወላዲ ይኹን ሓዳር ስለዘይብሉ ወለድና እውን መውተቲ ስለዝኾኑ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


ስሩዕ ናይ ሓጋይ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ኣብ ቤ/ት ኣሊያንስ ፍራንሰዝ ናይ ኣስመራ ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ካብ ዕለት 10 ሚያዝያ ንዓበይቲ ከምኡ'ውን ካብ ዕለት 15 ሚያዝያ ንንኣሽቱ ክጅምር ምዃኑ ከነበስር ንፈቱ። ምቅርራብ ንዓለምለኻዊ ዲፕሎማ (DELF) ተዳልዩልኩም ኣሎ። ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ።

Alliance Française Asmara - Eritrea

ብደሓን ምጹ ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ 122605 / 115270

ኣድራሻና፣ ጎድኒ ቤ/ት ማይ ተስፋ ጥቓ ዓሮባና ሬስቶራንት እዩ።



ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ




ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 800-12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-Mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ!!!



# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ስፖርታዊ ውድድራት 'እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ' ጀሚሩ

ስፖርታዊ ውድድራት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ "ስፖርት መቐጸልታ ኣካል ፖሊቲካን ታዕሊምን'ዩ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ጠቕላሊ ሓለቓ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ጀነራል ፍሊጶስ ወልደዮውሃንስ፡ ሓለቓ ስታፍ እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ ብርጋደር ጀነራል ፍጹም ጉብረሂወትን ካልኦት መኮንናትን ሓለፍትን ኣብ ዝተረኽብሉ ብቕድሚ ትማሊ ሰሉስ 4 ሚያዝያ ኣብ መትከል-ኣቤት ብወግዒ መጋርጃኡ ቀንጢጡ።

ኣብቲ ሓለቓ ስታፍ እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ ብርጋደር ጀነራል ፍጹም ጉብረሂወት፡ ስፖርት ከም ኣካል ፖሊቲካን ታዕሊምን ብዴስፕሊን ክተሰኾ ከም ዝዋጋእ ድሕሪ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ ዝተኻፈት ውድድር፡ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጋንታታት ሓረናን መድሕንን ብዘዘበርኦ ጸወታ'ዩ ፈሊሙ።

ኣብቲ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ዝተኻየደ ጸወታ፡ ተጻወትቲ ሓረና ዝያዳ ካብ ተጻወትቲ መድሕን ተመኲሮን ብቕዓትን ዝውንና ብምንባረን ኑቲ ግጥም ክዕብልላኦ ከም ዝኸእላ ብኣግኡ ግምታት ነይሩ'ዩ።



ከም ውጽኢቱ ከኣ ሓረና ኀና ጸወታ 13 ደቓይቕ ጥራይ ምስተላዕለ'ያ መራሕነት ሒዙ። ድሕሪ ዕረፍቲ'ውን እንተኾነ ሓረና ዓብላልነታ ኣየዕረፈን። ኣብ መበል 57 ደቒቕ ካብ ትዕግስቲ ኣብረሃለይ ኣብ መበል 65 ደቒቕ ከኣ ካብ ዳሉል የዕበዮን ናይ ሸውዓተ ደቓይቕ ፍልልይ ዘለወን ሸቶታታት ብምውሳኽ ሓረና ብገፊሕ 3-ብ0 ክትዕወት ከም ዝኸኣለት እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ሰዒበን ግጥሙተን ንምኪያድ ናብ ሜድ ዝወረዳ፡ ብተመሳሳሊ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ጋንታታት ሓረናን መድሕንን እየን ነይረን። መድሕን ኣብዚ ካልኣይ ግጥም ዘይከም ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ምሉእ ሰለስተ ነጥቢ ኣይከሰረትን። መድሕን ናይ ቀዳማይ እብረ ጸወታ ናይቲ ግጥም ሸሞንተ ደቓይቕ ጥራይ ምስ ተላዕለ፡ ፍጹም ቅላዕ መቕጸዕቲ ክትረክብ ምኽኣላ ረቢሓ'ያ። ሓለቓ ጋንታ ናትናኤል ሃብተገርግሽ ከይተጋገየ ምስ ሰኪዑት ሓረና ምርኻብ፡ ኑቲ ጸወታ 1-ብ0 መራሒቶ ንዕረፍቲ ክትወጽእ ክኢላ'ያ። ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፡ ተጻወትቲ ሓረና ዝተመዝገቡየም ሸቶ ንምሕዋይ ብተደጋጋሚ ልዳት መድሕን ክኾሕኵሑ ተራእዮም እዮም። እንተኾነ እተን ዝፍትኑወን ዝበሩ ኲዓሳሱ ሸቶ ክኾና ስለ ዘይከኣላ፡ እቲ ጸወታ ብዓወት መድሕን 1-ብ0 ክዛዘም ክኢሉ። ኣብዚ ግጥም፡ ሓላዊ ልዳት መድሕን ዳኒኤል መሓሪ ካብ ተጻወትቲ ሓረና ንዝመጽእኦ ዝበሩ ፈተነታት ብልዑል ብቕዓት ከምክሸነ ብምኽኣሉ ብፍሉይ ኣብቲ ጸወታ ዝደመቐ ተጻዋታይ ነይሩ ክበሃል ይከኣል።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ስፖርታዊ ውድድራት 'እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ' ብኽልቲኡ ጾታ - ብጸወታታት ኩዕሶ መርበብ ቀጺሉ ውዒሉ ነይሩ። ብመሰረት እቲ ዝተኻየደ ጸወታታት፡ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ሓረና ኣብ ልዕሊ መድሕን ናይ 2-ብ0 ዓወት ኩተመዝጉብ ከሎ፡ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ከኣ ሓረና ንቶኮር 3-ብ0 ከም ዘሩነወታ ኀሰንሰን ሓበሬታን 'እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ' ኣፍሊጡ።

ስፖርታዊ ውድድራት 'እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ' ትማልን ሎሚን እውን ብዙተፈላለዩ ውድድራት ብውዕወዕ መንፈስ ይቕጽል ከም ዘሎ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ የረድእ።

## እንታይከ ይበሃል ኣሎ?

• ኣብ መበል 19 ደረጃ ሰሌዳ ፕሪመር ሊግ ተሰሪዓ ዘላ ሌስተር ንብረንደን ሮጀርስ ድሕሪ ምብራራ፡ ንማርቲን ኦኔልን ራፋ በኒተዝን ተጣይቓሎም ከም ዘላ ተገሊጹ። ሌስተር ኣቐዲማ ኑቲ ካብ ቸልሲ ዝተባረረ ግራሃም ፖተር ንምውናን ዝገበረቶ ፈተነ ከም ዝፈሸላ ይፍለጥ። ማርቲን ኦኔል ካብ 1995 ክሳብ 2000 ዓመት ምህረት ንሌስተር ከም ዝኣለያ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ንኣስቶን ቪላን ሳንደርላንድን እውን ኣሰልጢኑወን ነይሩ እዩ። ኣቐዲሙ ካብ ኤቨርተን ዝተባረረ ራፋ በኒተዝ ከኣ ምስ ሊቨርፑል፡ ቸልስን ኒውካስልን ጽቡቕ ናይ ምስልጣን ግዜ ዘሕለፈ ኣሰልጣኚ'ዩ። በዚ'ያ ከኣ ሌስተር ካብ ሓደጋ ምምላስ ንምድሓን ምኩር ኣሰልጣኚ ትደሊ ዘላ።

• ብሉጽ ኣጥቃዓይ ማንቸስተር ሲቲ ኤርሊን ሃላንድ፡ ትማሊ ረቡዕ ናብ ልምምድ ምምላሱ ንደገፍቲ እታ ጋንታ ዓቢ ተስፋ ሂቡ። እዚ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ፕሪመር ሊግ ዘሎ ተጻዋታይ ዋላ'ኳ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኖርወይ ኣብ ዝነበረሉ ፈኩስ ማህረምቲ ኣጋጢምዎ እንተነበረ፡ ኣንጻር ሊቨርፑል ዘይምስላፉ ግን ንደገፍቲ እታ ጋንታ ኣሻቒሉ ምንባሩ ይገልጽ። ኣሰልጣኚ ማንቸስተር ሲቲ ፐፐ ጓርዲዮላ ዝመጽእ ቀዳም ጋንታኡ ኣንጻር ሳውዝሃምፕተን ኣብ ትገብሮ ጸወታ'ውን ኑቲ ተጻዋታይ ክሰልፎን ዘይክሰልፎን ኣይተፈልጠን ዘሎ። ሲቲ ብዘይ ሃላንድ ኣብ ልዕሊ ሊቨርፑል ካብ ድሕሪት ተበጊሳ 4-ብ1 ከም ዝተዓወተት ይዝከር።

• ቶተንሃም ንተጻዋታይ ሌስተር ጄምስ ማዲሰን ንምፍራም ኣብ ዝገበር ዘሎ ቅልስ ላዕለዋይ ኢድ ከም ዝሓዘት ይግለጽ ኣሎ። ሌስተር ነዚ ወዲ 26 ዓመት ተጻዋታይ፡ ኣብ ናይ መወዳእታ ዓመት ናይ ኩንትራቱ ብምእታዉ እያ ናብ ዕዳጋ ኣውድራዳቶ ዘላ። ኣብዚ እዋን ብዘይ ኣሰልጣኚ ዘላ ቶተንሃም፡ መስመር ምክፍፋላ ዝያዳ ንምህናጽ ተበጊሳ ከም ዘላ'የም ምስታ ጋንታ ቀርበት ዘለዎም ወገናት ዝሕብሩ።



## ላምፓርድ ናብ ቸልሲ . . .


እንግሊዛዊ ፍራንክ ላምፓርድ ናብ ስታንፎርድ ብሪጅ ክምለስ ልዑል ተኽእሎ ከም ዘሎ ጋዜጣታት እንግሊዝ የጋውሓ ኣለዋ። ሓደ ካብ ብሉጻት ተጻወትቲ ኤውሮጳ ምንባሩ ዝእመነሉ ፍራንክ ላምፓርድ፡ ክሳብ ምውዳእ እዚ ዓመት ስፖርት ከም ግዚያዊ ኣሰልጣኒ ቸልሲ ኮይኑ ክዓይይ ከም ዝኽእል'ዩ ብሰፊሑ ዝንገረሉ ዘሎ። ናይ ቀደም ኣከፋፋሊ ቸልሲ ላምፓርድ ኣቐዲሙ ኣሰልጣኒ ቸልሲ ኣብ ዝነበረሉ ኣብ ወርሒ ጥሪ ናይ 2021 ካብ መዝነቱ ከም ዝተባረረ ኣይርሳዕን። ንሱ ን18 ኣዋርሕ ጥራይ ኣብ ስታንፎርድ ብሪጅ ድሕሪ ምጽንሑ'ዩ ሓላፍነት ምስልጣን ተመንጢሉ። ይኹን'ምበር፡ ቸልሲ ድሕሪ'ቲ እዋን ሓደሽቲ ወሰንቲ ብምቕያራ፡ ላምፓርድ ናብ ስታንፎርድ ብሪጅ ደጊሙ ዝምለሰሉ ኩነታት ይፍጠሩሉ ከም ዘሎ'የን ጋዜጣታት እንግሊዝ ንእሙናት ምንጭታት እታ ጋንታ ብምጥቃስ ዝገልጻ ዘለዋ። ሓለፍቲ ቦርድ ቸልሲ ዝሓለፈ ሰንበት ንኣሰልጣኚ ግራሃም ፖተር ካብ መዝነቱ ከም ዘብረርዎ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ልዊስ ኤንሪከን ጁሊያን ናግለስማንን ከኣ ከም መተካእታ ኮይኖም ተሓጺዮም ከም ዘለዉ'ዩ ዝንገር። ይኹን'ምበር፡ እታ ጋንታ ተቐላጢፋ ዝዋም ኣሰልጠንቲ ምሉእ ሓላፍነት ክትህቦም ከሸግራ ከም ዝኽእል ይንገር። እታ ጋንታ ዝመጽእ ረቡዕ ኣብ ግጥም ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ኣንጻር ሪያል ማድሪድ ጸወታ ይጸብያ ብምህላዉ ተቐላጢፉ ኣሰልጣኚ ክትቆጽር እንተዘይሰሊጥዋ፡ ላምፓርድ ግዚያዊ ኣሰልጣኚ ናይ ምዃን ዝለዓለ ዕድል ከም ዝህልዎ'የም ምስ ስታንፎርድ ብሪጅ ቅርበት ዘለዎም ወገናት ዝገልጹ። ወዲ 44 ዓመት ፍራንክ ላምፓርድ፡ ብሰለሰ ምሸት ቸልሲ ምስ ሊቨርፑል ማዕረ ክትፈላለ ከላ ኑቲ ግጥም ብኣካል ከም ዝተዓዘቦ ዝፍለጥ'ዩ። ክሳብ ምውዳእ ናይዚ ዓመት ስፖርት ኣሰልጣኚ ቸልሲ ኮይኑ ናብ ስታንፎርድ ብሪጅ ክምለስ ከኣ ዓይኑ ከም ዘይሓሲ ይንገር። ላምፓርድ ዋላ'ኳ ኣብ ወርሒ ጥሪ ካብ ኤቨርተን እንተተባረረ፡ ማልያ ቸልሲ ወደዩ ኣብ ዝጻወተሉ ዝነበረ ግዜ ሰለስተ ግዜ ተዓዋቲ ፕሪመር ሊግ ክኸውን ብምኽኣሉ ግን ክሕገዘ ከም ዝኽእል ይእመነሉ። ሓለፍቲ ቦርድ ቸልሲ ዋላ'ኳ ናይ መጻኢ ቀዋሚ ኣሰልጣኚ እታ ጋንታ ንምምዛዝ ሸውዓተ ሕጹያት ኣዳልዮም እንተሃለዉ፡ ላምፓርድ ግን ኣብቲ ዝርዝር ኣሶማት የለን። ስጳኛዊ ልዊስ ኤንሪከን ጀርመናዊ ጁሊያን ናግለስማንን ግን ብቐዳምነት ተሰሪዖም ዘለዉ እዮም። ኤንሪከ ድሮ ኣብ ከተማ ለንደን ከም ዘሎ ክንገር ከሎ፡ ናግለስማን ከኣ ኣብ ስታንፎርድ ብሪጅ ልዑል ተቐባልነት ዘለዎ ኣሰልጣኚ እዩ።




## ሉካኩ፡ ዓሌታዊ ጸርፊ ይወርዶ

ጉልበት በልጅግማዊ ኣጥቃዓይ ኢንተር ሚላን ሉካኩ፡ ሓለፍቲ ሰሪ ኣ ኢጣሊያ፡ ኣብ ልዕሊ 'ዓሌታዊ ጸርፊ' ዘዩዳግም መቕጻዕቲ ክህቡ ከም ዝግባእም ኣኽሪሩ ተዛሪቡ። እዚ ብመልክዕ ልቓሕ ካብ እንግሊዛዊት ቸልሲ ናብ ኢጣሊያዊት ኢንተር ሚላን ተሰጊሩ ዘሎ ተጻዋታይ፡ ብሰሉሰ ምሸት ኣንጻር ጁቬንቱስ ኣብ ዝገበርዎ ናይ ኮፓ ኢጣልያ ጸወታ ብቐይሕ ካርድ ድሕሪ ምብራሩ'ዩ ነዚ ስምዕታ ዘቕርብ ዘሎ። ኣብዚ ግጥም፡ ሉካኩ ኣብ መበል 85 ደቒቕ ብመንገዲ ፍጹም ቅላዕ መቕጻዕቲ ሸቶ ድሕሪ ምምዝጋቡ'ዩ ብቐይሕ ካርድ ካብ ሜዳ ተባሪሩ። እቲ ተጻዋታይ፡ ነዛ ኣብ ምውት ሰዓት ዝተረኽበት ፍጹም ቅላዕ መቕጻዕቲ ድሕሪ ምምዝጋቡ፡ ናብ ደገፍቲ ጁቬንቱስ ከይዱ ኣጻብዑ ኣብ ከንፈሩ ገይሩ ብምጽምባሉ'ዩ ብካልኣይቲ ብጫ ካርድ ተሰጒጉ። ብዙሓት ወገናት ከኣ፡ እቲ ተጻዋታይ ኣብ ውሽጢ ሜዳ ከሎ ብደገፍቲ ጁቬንቱስ ዓሌታዊ ጸርፊ ዘፈብዎ ከይኣክል፡ ሱቕ በሉ ብምባሉ ካብ ሜዳ ክባረር ፍትሒ ከም ዘይኮነ ኣብ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ መራኸቢታት ይጽሕፉ ኣለው። ምስ ሉካኩ ዝደናገጹ ወገናት፡ እቲ ተጻዋታይ ቅድሚ ጸወታ፡ ኣብ ግዜ ጸወታን ሸቶ ምስ ኣመዝገበን ዓሌታዊ ጸርፊ ከም ዝወረዶ'የም ዝኣምኑ። ንሶም ብዘይካ'ዚ፡ ሉካኩ ከም ናይ ኩሉ ግዜ ገይሩ ንሸቶኡ ከም ዝጸምበለ እዩም ዝገልጹ ዘለው። ሉካኩ ብወገኑ "ታሪኽ ተደጊሙ። ኣብ 2019 ከምኡ ኸኣ ኣብ 2023" ክብል ኣብ ናይ ውልቁ ናይ ኢንታግራም ሕሳብ ጽሒፉ ኣሎ። ንሱ ብተወሳኺ፡ ተፈታዊ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ብኸሉ ኣካል ብሓንስ ክረኣ ከም ዘለዎ ብምግላጽ፡ ሓለፍቲ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ሰሪ ኣ ኢጣሊያ ቅልጡፍ ስጉምቲ ክወስዱ ተማሕጺኑ ኣሎ። ንሉካኩ ናይ ዘውክል ማሕበር ፕረዚደንት ዝኾነ ማይክል የርማርክ ኑቲ ተርእዮ "ዓቕሙ ዝሓለፈ ክፉእ" ክብል ክገልጾ ከሎ፡ ጁቬንቱስ ከኣ ኑቲ ኣጋጣሚ ንምጽራይ ምስ ፖሊስ ምሉእ ምትሕብባር ከተካይድ ድልውቲ ከም ዘላ ኣፍሊጣ፡ ሉካኩ ነታ ንኢንተር ሚላን ማዕረ ዝገበረት ሸቶ ድሕሪ ምምዝጋቡ ኣብ መንጎ ተጻወትቲ ክልቲኦን መጋጥምቲ ዕግርግር ክውላዕ ክኢሉ'ዩ። ሓለቓ ጋንታ ኢንተር ሚላ ንሳሚር ሃንዳኖቪችን ኣከፋፋሊ ጁቬንቱስ ኽዋን ኳርዳዶን ከኣ ናይ መወዳእታ ፊሽካ ምስ ተነፍሐት ቀይሕ ካርድ ክረኣዩም ክኢሉ'ዩ። ዝሓለፈ ክራማት ደጊሙ ካብ ቸልሲ ናብ ኢንተር ሚላን ዝተመልሰ ሉካኩ፡ ኣብ 2019 ከምኡ'ውን ኣብ 2021 ተመሳሳሊ ኩነታት ኣጋጢምዎ ከም ዝነበረ'ዩ ዝግለጽ። እቲ ተጻዋታይ ኣብ 2019 ብደገፍቲ ካግሊያሪ ዓሌታዊ ጸርፊ ምስ ወረዶ "ሰሪ ኣ ንድሕሪት ይጉተት ኣሎ" ክብል ተዛሪቡ ከም ዝነበረ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ 2121 ብደገፍቲ ላዝዮ ተመሳሳሊ ኩነታት ምስ ኣጋጠሞ ከኣ "እቲ ኩነታት ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ጥርዚ በጺሑ" ብምባል ኮኒንዎ ምንባሩ ኣይርሳዕን። እዚ ሕጂ ኸኣ "ታሪኽ ተደጊሙ" ብምባል የማርር።





# ዜና ወጻኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

## “ፊንላንድ ናብ ኔቶ ምጽንባራ ታሪኻዊ ጌጋ ፈጺማ” ሩስያ

ፊንላንድ ኣባል ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ክትከውን ምምራጻ ታሪኻዊ ጌጋ ከምዝፈጸመት ሩስያ ገሊጻ።

ዝሓለፈ ሓደት ኣዋርሕ ኣባል ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ - ኔቶ ክትከውን ሕቶ ከተቕርብ ዝጸንሐት ፊንላንድ፡ ብቐድሚ ትማሊ (4 ሚያዝያ) ብወግዒ ናብቲ ወተሃደራዊ ኪዳን ከምዝኣተወትን በዚ ድማ መበል 31 ኣባል ሃገር ናይቲ ኪዳን ከምዝኾነትን ተሓቢሩ። ፊንላንድ ኣብ ኔቶ ምእታዋ፡ ካብቲ ን74 ዓመታት ክትክተሎ ዝጸንሐት ዘይሻራዊ መርገጺኣ ከምዝንደልሃጹትን እዚ ድማ ንሃገራዊ ጸጥታ ናይታ ሃገር ብኣሉታ ከምዝጸልዋን ሩስያ ኣጠንቂቓ ኣላ።



ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ፡ ብዛዕባ ኣባልነት ፊንላንድ ናብ ኔቶ ኣመልኪቱ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ እታ ምስ ሩስያ ዝነውሐ ናይ ሓባር ዶብ ዘለዋ ሃገር ናብቲ ምዕራባዊ ወተሃደራዊ ኪዳን ምጽንባራ፡ ናብ ዝኸፍአ ወተሃደራዊ ረጽሚ ክልቲኡ ዝኸኣል ስጉምቲ ምዃኑ ገሊጹ።

ሩስያ፡ ንረብሓታ ዝኾና ፊንላንድን ሽወደንን ናብ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ ከይጽንበራ ደጋጊማ ክተጠንቅቕ ምጽንሓ ይፍለጥ።

ፊንላንድን ሩስያን ናይ ልዕሊ 1300 ኪሎሜተር ናይ ሓባር ዶብ ዘለወን ኮይኑ፡ ሩስያ ድሕሪ ደገምጺ ንድሕነታ ክትብል ኣብቲ ነዊሕ ርሕቀት ዝሸፍን ዶብቲ ጸኑዕ ሓይሊ ምክልኻል ከተስፍር ከምእትገደድ'ያ ተዛሪባ። በዚ ድማ ኣብ መንጎ ዶብቲ ሩስያን ፊንላንድን ሓዲሽ ወተሃደራዊ ወጥሪ ክይክሰት ስግኣት ከምዘሎ ተንተንቲ ኣረዲኦም።

ፊንላንድ ናብ ኔቶ ምጽንባራ፡ ንመራሕቲ ኣመሪካ፡ ብሪጣንያ፡ ጀርመንን ፈረንሳን ከምዘሐጎሶም እቶም መራሕቲ ኣብ ዘውጽእዎ መግለጺ ሓቢሮም። ብሸወደን ቀሪቡ ዘሎ ሕቶ ኣባልነት'ውን ኣብ ባይታ ክትግበር ዘለዎም ትጽቢት ገሊጾም።

ኣባል ኔቶ ዝኾነት ቱርኪ ኣቐዲማ ፊንላንድን ሽወደንን ናብ ኔቶ ንምጽንባር ዘቕረብኦ ጥርዓን፡ ደው ኣቢላቶ ከምዝጸንሐትን ኣማሲያኡ ግን ፊንላንድ ናብቲ ወተሃደራዊ ኪዳን ክትጽንበር ከምዝፈቐደትን ይፍለጥ። እንተኾነ ቱርኪ ኣብ ልዕሊ'ታ ንተቓውምታ ከምእተዕቑብ እትገልጻ ሽወደን ዘለዋ ቅሬታ ገና ከምዘየልዓለቶ እዩ ዝነገር።

## ፕረዚደንት ፈረንሳ ኣብ ቻይና ምብጻሕ ይፍጽም

ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማኑዌል ማክሮን ምስ ቻይናዊ መዘናኡ ሺ ጂንፒንግ ንምዝርራብ ናብታ ሃገር ከምዝተሰደ ተፈሊጡ።


ኢማኑዌል ማክሮን ትማሊ (5 ሚያዝያ) ኣብ ርእሰ ከተማ ቻይና - በይጂን ኣብ ዝኣተወሉ፡ ኣብ መንጎ ሃገሩን ቻይናን ዘሎ ቁጠባዊ ምትእስሳር ንምዕባይን ውግእ ዩክሬን ብሰላም ዝዕረፈሉ መንገዲ ንምንዳይን ምስ ላዕለዎት ሰበስልጣን ቻይና ከምዝዘተ ሓቢሩ።

ምስ ፕረዚደንት ማክሮን ሓለፍቲ ኩባንያ ምፍራይ ነፈርቲ ኤየርባስ ዝርከቡዎም ኣስታት 50 መራሕቲ ንግዳውያን ኩባንያታት ፈረንሳ ናብ ቻይና ተጓዒዞም ከምዘለዉን ዕድላት ወፍሪን ንግድን ንምርካብ ምስ ቻይናውያን መዘናታቶም ከምዝዘራረቡን እዮም ምንጭታት ዜና ዝሕብሩ።

ቻይና ምስ ሃገራት ኤውሮጳ ልዑል ንግዳዊ ምትእስሳር እኳ እንተሃለዋ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሓደት ዓመታት ግን ጸግዒ ኣመሪካ ዝወሰደት ኤውሮጳ ኣንጻር ቻይና ንግዳዊ ዕንቅፋታት ክትገብር ብምጅማራ፡ ንማክሮን ኣብ በይጂንግ ዝጸጥሞ ብድሆ ቀሊል ከምዘይከውን ተንተንቲ የረድኡ።

ብዘይካዚ ፕረዚደንት ማክሮን ውግእ ዩክሬን ንምዕራፍ ቻይና ንዘወሰደቶ ተበግሶ ከምዝድንቖን ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ኣመልኪቱ ምስ ሺ ጂንፒንግ ከምዝራረብን ገሊጹ።

ኣብ ኣህጉራዊ ጉዳያት ልዑል ጽልዋ እናምጸአት ትኸይድ ዘላ ቻይና፡ ነቲ ኣብ ዩክሬን ዝቕጽል ዘሎ ውግእ ደው ንምባል፡ በዓል 12 ነጥብታት ውጥን ሰላም ከምዘዳለወት ዝፍለጥ እዩ።



ውጥን ቻይና ብወገን ሩስያ ተቐባልነት ክረኽብ እንከሎ፡ ሃገራት ምዕራብ ግን ‘ንሩስያ ኣይጠቕምን’ ብምባል ንጻዕሪ ሰላም ቻይና ብኣሉታ ምግላጸን ይፍለጥ።

ቻይና፡ ብኣመራርሓ ዝምራሓ ሃገራት ምዕራብ ናብ ዩክሬን ዘይተኣደነ ኣጽዋር ብምልኣኽ ነቲ ኩናት ዝያዳ የጉህርኦ ከምዘለዋ እያ ትኸስስ።

ኣቐድም ኣቢላ ብሰንኪ ለበዳ ኮቪድ 19 ንወጻእተኛታት ዕጽውቲ ኮይና ዝጸንሐት ቻይና፡ ደብታ ድሕሪ ምኽፋታ መራሕቲ ጀርመንን ስጳኛን ፈረንሳን ዝርከብዎም ኤውሮጳውያን መራሕቲ ናብታ ሃገር ይበጽሑ ምህላዎም ይፍለጥ።

ኣመሪካ፡ ጽልዋ ቻይና ንምድራት ተኣፊዶ ዘላ ዝተፈላለየ ጸቕጥታት ብዘየገድስ፡ በይጂንግ ኣብ ኣህጉራዊ መድረኽ ዘለዋ ኣበርክቶ እናሓየለ ምምጽኡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ኣቐድም ኣቢላ ቻይና ብዘለዋ ዕዙዝ ጽልዋ ተጠቒማ፡ ነተን ነዊሕ እዋን ተቐሓሒረን ዝጸንሓ ስዑዲ ዓረብን ኢራንን ክትዓርቀን ከምዝኸኣለት ሮይተርስ ይሕብር።

## ቻይና፡ ኣፈኛ ባይቶ ኣመሪካ ምስ መራሒት ታይዋን ክዘራረብ ምውሳኑ ኮኒና

ቻይና፡ ኣፈኛ ባይቶ ወከልቲ ህዝቢ ኣመሪካ ከቨን ማካርቲ ምስ ፕረዚደንት ታይዋን ሳይ ኢንግወን ብኣካል ተራኺቡ ክዘራረብ ምውሳኑ ብትሪ ኮኒና።

ፕረዚደንት ታይዋን ሳይ ኢንግወን ናብ ሃገራት ማእከላይ ኣመሪካ ኣብ እተምርሓሉ ዘላ እዋን'ያ ንእግረ-መንገዳ ናብ ሕ.መ.ኣመሪካ ተኣልያ ምስ ኣፈኛ ባይቶ ናይታ ሃገር ክትዘራረብ መዲባ ዘላ።

ቻይና ኣቐዲማ ኣፈኛ ባይቶ ኣመሪካ ንመራሒት ደሴት ታይዋን ከይዘራረብ መጠንቀቕታ ኣውጺኣ ምንባራ ይዝከር።

እቲ ኣቐዲሙ ንዘወጽአ መጠንቀቕታ ዕሽሽ ብምባል ዝወሰድ ዘሎ ስጉምቲ፡ ንሃገሩ ኣቐሒሩዋ ከምዘሎ ዝሓበረ ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና፡ ተመጣጣኒ መልሱ-ግብሪ ከምዝወሰደሉ ኣጠንቂቑ ኣሎ።

ብመሰረት ምንጭታት ዜና፡ ፕረዚደንት ታይዋን ሳይ ኢንግወን ኣብ ዝመጽእ መዓልታት ናብ ጓቲማላን በሊዝን ናይ 10 መዓልታት ምብጻሕ ንምፍጻም ኣብ እትግዓዝሉ ዘላ እዋን'ያ ብኒውዮርክ ብምሕላፍ ምስ ሰበስልጣን ኣመሪካ ክትራኸብ ምኳና ተሓቢሩ ዘሎ።





ዝሓለፈ ዓመት ኣፈኛ ባይቶ ኣመሪካ ነበር ናንሲ ፐሎሲ ንታይዋን ኣብ ዝበጽሐትሉ እዋን፡ ካብ ቻይና ተሪር ተቓውሞ ከምዝበጽሓ ኣይርሳዕን። ቻይና ንታይዋን ብምኽርዳን ኣብቲ ከባቢ ሓያል ወተሃደራዊ ወጥሪ ዝፈጠረ ስጉምቲ ከምዝወሰደትን እቲ ኩነታት ናብ ግጭት ከየምርሕ ተሰጊኡ ምንባሩን ጸብጻባት የመልክቱ።

ቻይና ብመሰረት ዘለዋ ‘ፖሊሲ ሓንቲ ሃገር’ ዝብል መትከላት፡ ንደሴት ታይዋን ከም ሓንቲ ዞባኣ ስለእትቖጽራ፡ ምስታ ደሴት ንዝገበር ዲፕሎማሲያዊ ርክብ ኣትረራ ትቃወሞ።

ነዚ ብምርዳእ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብዙሓት ሃገራት ምስ ደሴት ታይዋን ዝነበረን ዲፕሎማሲያዊ ርክብ ብምስራዘን፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ምስታ ደሴት ዲፕሎማሲያዊ ርክብ ዘለወን 12 ሃገራት ጥራይ እየን።

## “ኣመሪካ ናብ ገሃነም ተምርሕ ኣላ” ዶናልድ ትራምፕ

ብሓያሎ ክስታት ትማሊ 5 ሚያዝያ ናብ ቤት ፍርዲ ዝቐረበ ፕረዚደንት ኣመሪካ ነበር ዶናልድ ትራምፕ፡ ካብቲ ዝቐረበሉ ክስታት ናጻ ከምዝኾነ ገሊጹ።

እቲ ፕረዚደንት ነበር፡ ኣብ ከተማ ኒውዮርክ ኣብ ዝርከብ ቤት ፍርዲ ብኣካል ተረኺቡ ክስታቱ ድሕሪ ምስማዕ፡ ገበነኛ እንተኾይኑ ንዝቐረበሉ ሕቶ፡ “ገበነኛ ኣይኮንኩን” ብምባል ከምዝመለሰ ተፈሊጡ። እቲ ቤት ፍርዲ፡ ነቲ ክሲ ንምጽራይ ን34 ታሕሳስ ቈጸራ ገይሩ ምህላዉ'ውን ተገሊጹ።

ኣብ ዝተፈላለየ ጉዳያት ዘዘኽረ 34 ክስታት ቀሪቡሉ ዘሎ ዶናልድ ትራምፕ፡ ብጠበቓታቱ ተሰንዩ ካብቲ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝወጸሉ እዋን ንጋዜጠኛታት ዝሃቦ ቃል'ኳ እንተዘየለ፡ ድሒሩ ንደገፍቱ ኣብ ዘሰመዖ መደረ፡ “ኣመሪካ ናብ ገሃነም'ያ ተምርሕ ዘላ” ብምባል ንፖለቲካዊ ማስርሕ ናይታ ሃገር ኾይኑ።



ኣብ ልዕሊ እቲ ፕረዚደንት ነበር፡ ናይ ሓሶት ንግዳዊ መዛግብ ምድላው፡ ምስጢራዊ ሰነዳት ብውልቂ ምሓዝ፡ ናዕቢ ምልዕዓል፡ ጸታዊ ብዕልግና ምፍጻምን ካልእን ዝጠቓለለ ሓያሎ ክስታት እዩ ቀሪቡ ዘሎ። ክስታቱ ብሓደት ዓመታት ዘቕጽዕ ወይ ብመጠንቀቕታ ዝሕለፍ ፍሹስ ዝበለ እኳ እንተኾኑ፡ ቀንዲ ዕላማታት ናይቲ ክሲ ግን ኣብቲ ዝመጽእ ዓመት ዝካየድ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ንምስናኻል ምዃኑ እዩ ትራምፕ ዝገልጽ።

ብመሰረት ምንጭታት ኣመሪካ፡ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ታሪኽ'ታ ሃገር ብገበናዊ ክስታት ናብ ፍርዲ ዝቐረበ ናይ ፈለማ ፕረዚደንት ነበር እዩ።

## ናይጀርያ - ሓያሎ ተመሃሮ ብዕጡቓት ተጨውዮም



ኣብ ሰሜናዊ ናይጀርያ፡ መንነቶም ዘይተፈልጡ ዕጡቓት ንሓንቲ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ብምውራር ብውሕዱ 8 ተመሃሮ ኣገዲዶም ከምዝወሰዱዎም ሰብ መዚ'ቲ ከባቢ ገሊጾም።

እቶም ኣብ ‘ካዱማ’ ዝተባህለ ዞባ ብዕጡቓት ተጨውዮም ዝተወሰዱ ተመሃሮ፡ ዛጊት ኣበይ ከምዝኣተዉ ዝተፈልጠ ነገር ከምዘየለ'ዮም እቶም ሰብ መዚ ዝሕብሩ።

ኣብ ሰሜናዊ ናይጀርያ ብቐጻሊ ንተመሃሮ ጅሆ ናይ ምሓዝ ተግባራት ከምዝዘረአን እቲ ጉዳይ ካብ ቁጽጽር መንግስቲ ወጻኢ እናኾነ ይመጽእ ከምዘሎን ይንገር።

ሰራዊት ናይጀርያ ኣንጻር ዕጡቕ ጉጅለ ቦኮ-ሓራም ተጸሚዱ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ኣብ ዞባ ‘ካዱማ’ ብሞተር ብሽክለታ ዝንቀሳቐሱ ዕጡቓት ናይጀርያ፡ ንተሳፈርቲ ኣውቶቡስ ብምኽታር ከምኡ'ውን ንተመሃሮ ጅሆ ብምሓዝ መባድልቲ ክኽፈሎም ጠለባት ከምዘቕርቡ ይግለጽ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ሰላም | 06/04/2023 | ጎደና ሰላም ቁ.ገዛ 47 | 122350 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services